# ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
## Tigrai National Regional Council


ቁፅሪ [illegible]

ዕለት 14/06/2014

ናብ ክልላዊ ቤት ምኽሪ መንግስቲ ትግራይ

<u>መቐለ</u>

**ዋኒኑ፦ <u>ዝፀደቐ ደንቢ ምልኣኽ ይምልከት</u>**

ኣብ ርእሰ ዋኒኑ ከምዝተገለፀ " ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ደንቢ ህፁፅ እዋን ቁፅሪ 115/2014 ዓ.ም ንምምሕያሽ ዝወፀ ደንቢ ህፁፅ እዋን ቁፅሪ 117/2014 ዓ.ም " ብቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ምዕዳቑ ዝገልፅ ብዕለት 10/06/2014 ዓ.ም ብቑፅሪ ደ/10/8/84 ብዝተፅሓፈ መሰነይታ ደብዳቤ ብፕሬዚዳንት ትግራይ ተፈሪሙ በፂሑና ኣሎ። ይኹን'ምበር ብነጋሪት ጋዜጣ ምስተሓተመ ክይንልእኽልኩም ምስ ሕትመት ብዝተኣሳሰረ ወድዓዊ ፀገም ስለዘጋጠመ ክሳብ እቲ ፀገም ተፈቲሑ ነጋሪት ጋዜጣ ዝመፅኩም ንጊዝኡ እናሰራሕኹምሉ ክትፀንሑ እቲ ብፕሬዚዳንት ትግራይ ዝተፈረመ ደንቢ ብፎቶ ቅዳሕ እናለኣኽና ኣራቢሕኹም ናብ መሓውርኩም ክተውርድዎ በዓል 6 ክፍልን 132 ዓንቀፃትን 57 ገፅ ዝሓዘ ትግርኛ ቅዳሕ ምልኣኽና የፍልጥ።

**ትግራይ ትስዕር !**

ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ
The State Council of Tigray

ፋሲል ሽፋረ ሰብ
ኣፈ-ጉባኤ ቤት ምኽሪ
ክልል ትግራይ

**<u>ቅዳሕ፣</u>**

- ንቀዋሚ ኮሚቴ ሕግን ምምሕዳርን ቤት ምኽርና

  <u>መቐለ</u>


☎ 03 44 41 65 63 ✉ 291 መቐለ Mekelle ትግራይ Tigrai ኢትዮጵያ Ethiopia
ፋክስ 03 44 41 65 64
m.k

**ቁፅሪ ደንቢ ህፁፅ እዋን 112------/----2014 ዓ/ም**

**ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ ደንቢ ህፁፅ እዋን ቁፅሪ 115/2014 ዓ/ም ንምምሕያሽ ዝወፀ ደንቢ ህፁፅ እዋን**

ብፋሽሽት ጉጅለ ኣብይ ኣሕመድ ምስ መላፍንቱ ውልቀ መላኺ ኢሳያስን ተስፋሕፋሕቲ ሓይልታት ትምክሕቲ ኣምሓራን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝኣወጅዎ ገበን ምፅናት ህዝቢ ትግራይ ፣ ገበን ኲናት ፣ ገበን ኣንፃር ሰብኣውነትን ገበን ወራርን ነዚ ንምስኻዕ ዘዋፈርዎም ባንዳታት፣ ከዳዓትን ሰለልትን ዝፍፅምዎም ክልኣት ሸርሕታትን ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ዝሕግዝ መስርሕ ምዝርጋሕን ኣብ ስራሕ ዝነበረ ደንቢ ኣብ ተግባር ኣብ ኣፈፃፅማን ኣተረጓጉማን ዝነበረ ክፍተት ምምላእ ኣድላዪ ምዃኑ ስለዝተኣመነሉ ፣

ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብመሰረት ቍፅሪ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን 358/2013 ዓ/ም ምስ መመሓየሺኡ ቁፅሪ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን 359/2014 ዓ/ም ዓንቀፅ 18 ብዝተውሃቦ ስልጣን እዚ መመሓየሺ ደንቢ ኣውፂኡ ኣሎ።

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ ድንጋገታት

### ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ

እዚ ደንቢ"ዝተመሓየሸ ደንቢ ህፁፅ እዋን 2014 ዓ/ም" ተባሂሉ ይፅዋዕ።

### ዓንቀፅ 2. ትር ጉም

ኣብዚ ደንቢ እዚ ፦

1. “ **ሕገ መንግስቲ**” ማለት ሕገ መንግስቲ ትግራይ ቁፅሪ ኣዋጅ 45/1994 ምስ መመሓየሽኡ እዩ፣
2. “**መንግስቲ** ” ማለት መንግስቲ ትግራይ እዩ፣
3. “**ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ** ” ማለት ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣

4. **"ቤት ፍርዲ"** ማለት ብመንግስቲ ትግራይ ዝተጣየሸ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፣ ማእኸላይ ቤት ፍርድን ወረዳ ቤት ፍርድን እዩ፣

5. **"ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ"** ማለት ኣብ ገፀርን ከተማን ትግራይ ኣብ ዝርከባ ጣብያታት ብመሰረት እቲ ኣዋጅን በዚ ደንብን ስልጣን ምድናይ ዝተዋሃቦ ኣካል እዩ፣

6. **"ኣዋጅ"** ማለት ቁፅሪ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን 358 /2013 ዓ/ም ምስ መማሓየሺኡ ቁፅሪ ኣዋጅ 359/2014 ዓ/ም እዩ፣

7. **"ስረት"** ማለት መንግስቲ ትግራይ ወራር ንምምካት ናብ በረኻ ምስ ወፅአ ንመኸተ ኣብ ሓደጋ ከውድቑ ዝኽእሉ ዓይነት ገበናትን ቕፅዓትን ዝደንገገ ፣ ኣብ ቃልሲ ኾይንካ ክርኣዩ ዝግበኦም ዋኒናት ፍትሃብሄር ዘቕመጠ፣ ስልጣን ምድናይን ምስማዕ ይግበኣኒን ከከም ኣግባብነቱ ንማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ንክርቢት ወይ ንኮሚቴ ፍትሕን ምክልኻል ገበንን ወይ ንኮሚቴ መኸተ ዝሃበ ኣካል እቲ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን ዝኾነን ብመንግስቲ ትግራይ ዝወፀ ኣብ መላእ ትግራይ ተፈፃምነት ዘለዎ ኣካል ሕጊ እዩ ፣

8. **"ዳይና"** ማለት ኣብ ወረዳ፣ ኣብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ፣ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብፍሉይ መጋበእያ ኣብ ዝተጣየሹ ኣብያተ ፍርዲ ብስሩዕ ዝተመደበ ዳይና እንትኸውን ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ንክዳኒ ብቤት ምኽሪ ጣብያ ዝሸየም ዳይና እውን ዝሓውስ እዩ፣

9. **"ፀላኢ"** ማለት ኣንፃር ህልውና፣ ድሕንነትን ልኡላውነትን ህዝቢ ትግራይ ኲናት ዝኣወጀ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ስልጣን መንግስቲ ፌደራል ዝተቖፃፀረ ሓይሊ ክይኑ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ምስዚ ሓይሊ ብምትሕብባር ይኹን ብልእኽቶ ዝሳተፍ ዝኾነ መንግስቲ፣ ክልል፣ሰብ ወይ ኣካል ይሓውስ፤

10. **"ገበን ኣንፃር ህልውና፣ ድሕንነትን ልኡላውነትን ህዝቢ ትግራይ"** ማለት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ፣ መንግስቲ ትግራይ፣ ብሕጋዊ መንገዲ ዝንቀሳቐስ ውድብ ፖለቲካ ትግራይ፣ መንግስታውን ወይ ዘይመንግስታውን ትካል ዝፍፀም ገበን ምፅናት ዘርኢ ፣ ገበን ኲናትን ገበን ፀረ-ሰብኣውነትን ወራርን፣ ራዕዲ፣ ገበን ሳይበር፣ ከቢድ ገበን ክትራን ወይ ሽፍትነት፣ ምስ ፀላኢ

ምትሕብባር፣ ስለላ፣ ከድዓት ኢኮኖሚ፣ ምዝውዋር ወይ ምጥቃም ዘይሕጋዊ ዕጥቂ፣ ከቢድ ስርቂ፣ ኣብ ልዕሊ መሰረተ ልምዓት ጉድኣት ምብፃሕ፣ባርዕ፣ ከድዓት ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ትግራይን ምፍራስን፣ ዝተወደቡ ገበናት ብዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፅኣሉ ከባቢ ወይ ዝፈፀመሉ ጊዜ ብዘየገድስ ዝፍፀም ገበን ዘካትት ኮይኑ መኸተ ንምጥንኻርን መሰል ህልውናን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሓደጋ ከውድቑ ዝኽእሉ ኣብ ገበን ሕጊ ዝተደንገጉ ይኹኑ ካብኡ ወፃኢ ተወሲኾቲ ገበናትን ቅፅዓትን ዝምልከት ኮይኑ ከከም ኣግባብነቱ ኣብዚ ደንቢ ዝተደንገጉ ገበናት 'ውን ይሓውስ፣

11. "**መፃረዪ**" ማለት ኣብዚ ደንቢ ወይ ከከም ኣግባብነቱ ኣብ ሕጊ ገበንን ካልኦት ሕግታትን ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ንኸፃሪ ዝተመደበ ዓቃቢ ሕጊ ኮሚሽን ፖሊስ ዓርሱ ኪኢሉ ክሳብ ዝጣየሸን ዝጠናከርን ኣብ ቃልሲ ዝፀንሑ ኣብ ስራሕቲ ደጀን ካብ ዘለዉ መርመርቲ ዝነበሩ ንግዚኡ ኣብ ትሕቲ ቢሮ ፍትሕን መሓውሩን ዝተወደበ ጉጅለ ምፅራይ እንትኸውን ኣብ ስሩዓት ኣብያተ ፍርዲ ንዝቐርቡ ዋኒናት ግዕዝይና ዘፃሪ ኣብ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ዝርከብ መርማሪ እውን ዝሓውስ እዩ፣

12. "**ኸሳሲ**" ማለት ኣብዚ ደንቢ ዋኒናት ገበንን ምትሕልላፍ ደንብን ዝኸስስ መኸበሪ ሕጊ ጣብያ፣ ኣብዚ ደንብን ከከምኣድላይነቱ ኣብ ሕጊ ገበንን ካልኦት ሕግታትን ተመስረቱ ናብ ፍሉይ መጋባእያ ኣብያተ ፍርዲ ክሲ ዘቕርብ ኣብ ትሕቲ ቢሮ ፍትሕን መሓውሩን ዝተወደበ ፍሉይ መጋባእያ ዓቓቢ ሕጊ እንትኸውን ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ዝረኣዩ ወፃኢ ዘለው ዋኒናት ገበናት ግዕዝይና ዝኸስስ ኣብ ትሕቲ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ዝተወደበ ዓቓቢ ሕጊ እዩ፣

13. "**ተኸሳሲ ወይ ተፀዋዒ**" ማለት ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ንዝቐርበሉ ክሲ ገበን ወይ ክሲ ፍትሃብሄር መልሲ ዝህብ ሰብ እዩ፣

14. "**ተጠርጣሪ**" ማለት ኣብዚ ደንቢ ወይ ከከም ኣግባብነቱ ኣብ ሕጊ ገበንን ካልኦት ሕግታትን ዝተደንገጉ ገበናት ፈፂሙ ተባሂሉ ዝተጠርጠረ ሰብ እዩ፣

15. "**ሰብ** " ማለት ተፈጥርኣዊ ሰብ ወይ ብሕጊ መሰል ሰብነት ዝተወሃበ ኣካል እዩ።

## ዓንቀፅ 3. ኣገላልፃ ፆታ

ኣብዚ ደንቢ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ኩሉ ንኣንስታይ ፆታ እውን ይሓውስ።

## ዓንቀፅ 4. ወሰን ተፈፃምነት እዚ ደንቢ

1. እዚ ደንቢ ኣብ መላእ ትግራይ ተፈፃሚ ይኸውን።

2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ እውን እቲ ኣዋጅ ምስ መመሓየሺኡን ስዒቡ ዝወፀ ስረትን ከም ዘሎ ከይኑ ኣብዚ ደንቢ ወይ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተኾይኑ ከከም ኣግባብነቱ ኣብ ሕጊ ገበን ይኹን ኣብ ካልኦት ኣብ ስራሕ ዘለው ሕግታት ብምጥሓስ ኣብ ልዕሊ ልኣላዊነት፣ ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝኾነ ቦታን ግዘን ገበን ዝፈፀመ ዝኾነ ሰብ ተፈፃምነት ይህልዎ።

## ዓንቀፅ 5. ዕላማ

እዚ ደንቢ ዝስዕቡ ዕላማታት ይህልውዎ ፡-

1. ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ገበን ምፅናት ህዝቢ ትግራይ፣ ገበን ኲናት ፣ ገበን ፀረ ሰብኣዊነትን ወራርን ዝፈፀሙ፣ ሰለልቲ፣ ከዳዕትን ወረርትን ብሕጊ ተሓታቲ ብምግባርን መኸተናን ቃልስናን ዝጠናኸረሉን ህዝቢ ብሕጊ ዝካሓሰሉን ባይታ ምፍጣር ፣

2. ኣብ ኲናትን ወራርን ከይንካ ክንዲ ዝከኣል ሕብረተሰብ ፍትሒ ዝረኽበሉ ስርዓት ምዝርጋሕ ፣

3. ስልጣን ምድናይ ገበን ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲን ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርድን ክከፋፈል ብምግባር ስሩዓት ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ከበድቲ ዋኒናት ገበን ትኹረት ገይሮም ዝሰርሕሉ ባይታ ንምቾታው ዝዓለመ እዩ።

## ክፍሊ ክልተ

## መመዘኒ ረጃሕታት፣ ኣሻውማ፣ ስነ- ምግባርን ዳያኑን መኸበሪ ሕጊ ጣብያን ኣሰራርሓ ማሕበራዊ ቤት ፍርድን

### ዓንቀፅ 6. ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ንምኺን ዘብቅዑ መመዘኒታት

ዝኾነ ሰብ ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ንምኺን፡-

1. ስነ- ምግባሩ ዝተሓለወ ፣ ሓቐኛ ፣ ተኣማኒ ፣ ህዝቢ ንምግልጋል ድልው ምኳኑ በቲ ዝነብረሉ ጣብያ ህዝቢ ዝተመስከረሉ ፣
2. ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ንምኺን ፍቓደኛ ዝኾነ ፣
3. ዕድሜኡ 35 ዓመትን ልዕሊኡ ዝኾነ፣
4. ኣብቲ ጣብያ እንተነኣሰ 6ተ ወርሒ ዝተቐመጠ ፣
5. ቋንቋ ትግርኛ ዝኽእል ፣
6. ኣብ መኸተ ርኡይ ተሳትፎ ዘለዎ ፣
7. እንተነኣሰ 4ይ ክፍሊ ብርኪ ትምህርቲ ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ ።

### ዓንቀፅ 7. ኣሻውማ ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ

1. ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብመሰረት እዚ ደንቢ ዓንቀፅ 6 ዝተቐመጠ መመዘኒ ዘማልኡ ብመቕረበይነት ዋና ኣማሓዳሪ ጣብያ ብቤት ምኽሪ ጣብያ ዝሸወሙ ይኾኑ።
2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ሕልው ኮይኑ ደያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ቅድሚ ንሹመት ምቕራቦም ህዝቢ ሪኢቶ ክህበሎም ክግበር ኣለዎ፣

### ዓንቀፅ 8. ተፀዋዕነት ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ

1. ተፀዋዕነት ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ንዝሸሞም ቤት ምኽሪ ጣብያ ይኸውን።
2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ሕልው ኾይኑ ብሞያ፣ ብደገፍን ክትትልን ምቕራብ ፀብፃብ ስራሕን ንወረዳ ፣ ክፍለ ከተማ ፣ ከተማ ቤት ፍርዲ ተፀዋዕነት ይህልዎም ።

**<u>ዓንቀፅ 9. በዝሕን ተዋፅኦን ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ</u>**

አብ ሕድሕድ ጣብያ እንተወሓደ 3 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 3 ቀወምትን 3 ተተካእትን ዳያኑ ይህልው።

**<u>ዓንቀፅ 10. ኣብ መጋባእያ ምስያም</u>**

1. ኣብ ሓደ መጋባእያ እንተወሓደ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ብግድን እትስየመሉ ሰለስተ ዳያኑ ዝተሰየምሉ መጋባእያ ይህሉ፣
2. እታ ክትስየም ዝተበሃለት ጓል ኣንስተይቲ ዳይና ብብቑዕ ምኽንያት ዘይተሰየመት እንተኾይና ካብ ዘለዋ ተጠባበቕቲ ዳያኑ ደቂ ኣንስትዮ ክትትካእ ይግበር።
3. ልዕሊ ዓቕሚ ብዝኾነ ምኽንያት ጓል ኣንስተይቲ ዳይና ክትርከብ እንተዘይኪኢላ ጓል ኣንስተይቲ ዘይብሉ ዳያኑ ክስየሙ ይኽእሉ።
4. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 እንተሃለወ 'ውን ካብ ሓደ መጋባእያ ካብ ሓደ እዋን ንላዕሊ ጓል ኣንስተይቲ ዳይና ዘይተሰየመትሉ መጋባእያ ምስያም ኣይከኣልን፣

**<u>ዓንቀፅ 11. ኣገልግሎት ዘመን</u>**

1. ኣገልግሎት ዘመን ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ሰለስተ ዓመት ይኸውን፣
2. ዝኾነ ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ቤት ምኽሪ ጣብያ እንተኣሚኑሉ ዳግም ክሸወም ይኽእል፣
3. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ እውን ዝኾነ ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብነባሪ እቲ ጣብያን ቤት ምኽሪ ጣብያን እምነት እንተተሰኢንዎ ኣብ ዝኾነ ግዜ ካብ ስርሑ ብውሳነ ቤት ምኽሪ እቲ ጣብያ ክሰናበት ይኽእል ።

**<u>ዓንቀፅ 12. ተሓታትነት ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ</u>**

1. ዝኾነ ነባሪ እቲ ጣብያ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ እቲ ጣብያ ዝረኣዩ ጉድለት ስነ-ምግባር ናብ ኣፈ ጉባኤ እቲ ጣብያ ጥቆማ ወይ ሓበሬታ ከቕርብ ይኽእል፣

2. ጥቆማ ወይ ሓበሬታ ዝተቐበለ ኣፈ ጉባኤ እቲ ጥቆማ ወይ ሓበሬታ ካብ ዝተቐበለሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሞንጎ ኣባላት ቤት ምኽሪ እቲ ጣብያ 5 ኣባላት ዝሓዘ ኮሚቴ ምፅራይ የጣይሽ፣

3. እቲ መፃረይ ኮሚቴ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ኣፃርዩ ውፅኢቱ ምስ ውሳነ ሓሳቡ ናብ ኣፈ ጉባኤ የቕርብ ።

4. ውፅኢት ምፅራይ ዝቐረበሉ ኣፈ ጉባኤ ናብ ቤት ምኽሪ ጣብያ ኣቕሪቡ ውሳነ ክረክብ ይገብር ።

## ዓንቀፅ 13. ግቡእ ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ

ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝስዕቡ ግቡኣት ኣለዎም ፦

1. ናብ ስራሕ ዘንጊዕኻ ዘይምእታው፣
2. ካብ ስራሕ ዘይምትራፍ ፣
3. ምሽጥር ስራሕ ምሕላው ፣
4. ንሰብ ጉዳይ ዘይምጉልእላእ ፣ ዘይምንሻው ፣ ዘይምፅራፍ፣
5. መረዳእታ፣ ሰነድ፣ ፋይል፣ ንብረት እቲ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብኣግባቡ ምሓዝን ኣብ ስራሕ ምውዓልን፣
6. ብወገንነት፣ ኣድልዎን ብላዕን ዘይምስራሕ፣
7. ውሳነ፣ ትእዛዝን ቅዳሕ ይግብኣንን ብእዋኑ ምሃብ ግቡእ ኣለዎም።

## ዓንቀፅ 14. ካብ ስራሕ ምስንባት

ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ስርሑ ክሰናበት ዝኽእል፦

1. ብምንኣስ ዓቕሚ ፣

2. ብምኽንያት ሕማም ስርሑ ምስራሕ እንትፅግም፣

3. ብህዝቢ እቲ ጣበያ እምነት እንትስእንን ብቤት ምኽሪ ጣብያ እንትውሰንን፣

4. ካብቲ ጣብያ እንትለቅቕ፣

5. ብገበን ጥፍኣተኛ ተባሂሉ እንትውሰነሉ ፣ ወይ

6. ብዘርኣዮ ጉድለት ስነ-ምግባር ካብ ስርሑ ንክሰናበት ብቤት ምኽሪ ጣብያ እንትውሰን ይኸውን።

**ዓንቀፅ 15. ነፃነት ዳይነት**

ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ዝኾነ ፅዕንቶ ነፃ ኾይኖም ንሕግን ሕልነኦምን ጥራሕ ተገዚእቲ ኮይኖም ስራሕቶም ብሙሉእ ነፃነት ይሰርሑ።

**ዓንቀፅ 16. ዳያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝምርሕሉ ስነ -ስርዓትን ምምራሕ ክይዲ ዳይነትን**

ቦታን ግዘን መጋበእያ ምውሳን፣ ኩነታት ዋኒን መጋበእያ፣ ምልዓልን ምትካእን ዳይና፣ ኩነታት ዕርቂ፣ ኣቀባብላን ኣቀራርባን ክሲ፣ ምስማዕ መሰኻኽርን ምምዛን መረዳእታን፣ ኣፀሓሕፋ ውሳነን ትእዛዝን ፣ ኣፀሓሕፋን ኣወሃህባን ቅዳሕ ይግባእኒ፣ ምሃብ ውሳነ እግድ፣ መዝገብ ደጊምካ ምርኣይን ንምርኣይ ከም ብቑዕ ምኽንያት ዝቑፀርን፣ ምግዳፍ ክስን ዝምልከት ዝርዝር መምርሒ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ትግራይ ይወፅእ።

**ዓንቀፅ 17. እቶት ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ**

1. ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብመቕፃዕቲ ይኹን ካብ ክፍሊት ዳይነት ዝኣከቦ ገንዘብ ናብ ወረድኡ ወይ ከተማኡ ወይ ክፍለ ከተማኡ ዝርከብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን በቢወርሑ ኣታዊ ይገብር።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተደንገገ ሕሉው ኾይኑ ነቲ እቶት ዝተቐበለ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ንማሕበራዊ ቤት ፍርድን መኸበሪ ሕጊ ጣብያን ንስርሖም ዘድልዩ ፅሕፈት መሳርሒ ገዚኡ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ይገብር።

3. መጠን ክፍሊት ዳይነት ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

**ዓንቀፅ 18. መኽበሪ ሕጊ ጣብያ ንምዃን ዘብቅዑ ረቛሕታት**

ዝኾነ ሰብ መኽበሪ ሕጊ ጣብያ ክኸውን ዝኽእል ፦

1. ዕድሚኡ 35 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾነ ፣
2. ዝለዓለ ተኣማንነት፣ ፅቡቕ ስነ- ምግባር፣ ብልዕልነት ሕጊ ዝኣምን፣ ህዝባዊ ውግንና ከም ዘለዎ ብህዝቢ እቲ ጣብያ ዝእመነሉን ዝተመስከረሉን፣
3. ንህዝቢ ከገልግል ድልውነትን ፍቓደኝነትን ዘለዎ፣
4. እንተነኣሰ 4ይ ክፍል ብርኪ ትምህርቲ ዘለዎ፣
5. ኣብ መኸተ ርኡይ ኣስተዋፅኦ ዘለዎ፣
6. ቋንቋ ትግርኛ ዝኽእል ፣
7. ኣብቲ ዝሸየመሉ ጣብያ እንተነኣሰ 6ተ ወርሒ ዝተቐመጠ ክኸውን ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 19. ኣሻውማ መኽበሪ ሕጊ ጣብያ**

1. መኽበሪ ሕጊ ጣብያ ብመቕረባይነት ዋና ኣማሓዳሪ ጣብያ ብቤት ምኽሪ ጣብያ ይሽወም፣
2. መኽበሪ ሕጊ ጣብያ ቅድሚ ብቤት ምኽሪ ምሻሙ ብህዝቢ እቲ ጣብያ ሪኢቶ ክወሃበሉም ክግበር ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 20. ብዝሕን ተዋፅኦን መኽበሪ ሕጊ**

1. ኣብ ሕድሕድ ጣብያ ክልተ ቀዋሚ ክልተ ተተካኢ ካብዚኦም ክልተ ደቂ ኣንስትዮ መኽበሪ ሕጊ ይህልዉ፣

2. ኣብቲ ጣብያ ካብ ሓደ ንላዕሊ መጋበእያ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ እንተሃልዩ ተወሳኺ መኸበሪ ሕጊ ምሻም ይከኣል።

**ዓንቀፅ 21. ስልጣንን ተግባርን መኸበሪ ሕጊ ጣብያ**

1. ኣብ ክሊ ስልጣን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ጣብያ ኣብ ዝወድቑ ዋኒናት ገበንን ምትሕልላፍ ደንብን ክሲ ይምስርት፣ ይከራኸር፣

2. ፀብፃብ ኣፈፃፅማ ስርሑ ንቤት ፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ወረድኡ የቕርብ፣

3. ቤት ፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ወረድኡ ዘውርደሉ መምርሕን ዝህቦ መደባትን ስራሕትን ይፍፅም።

**ዓንቀፅ 22. ተፀዋዕነት መኸበሪ ሕጊ ጣብያ**

ተፀዋዕነት መኸበሪ ሕጊ ጣብያ ንዋና ኣማሓዳሪ ጣብያ ኾይኑ ብሞያ ንቤት ፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ወረዳ ይኸውን።

**ክፍሊ ሰለስተ**

**ከይዲ ምፅራይ ፣ክስን ስልጣን ዳይነትን**

**ዓንቀፅ 23. ከይዲ ምፅራይ**

1. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ይኹን ኣብ ፍሉይ መጋበእያ ዝቐርብ ስሩዕ ገበን ክሲ ዝቐርበሉ ገበን ክሳብ ፖሊስ ብኣግባቡ ዝጣየሽን ዝጠናኸርን ንግዚኡ ኣብ ትሕቲ ቢሮ ፍትሕን መሓውሩን ብዝተወደበ መፃረዪ ኣካል ዝፃረ ይኸውን፣

2. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ዝርእ ወፃኢ ዋኒን ገበን ግዕዝይና ኣብ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ብዘለዉ መርመርቲ ዝፃረ ይኸውን፣

3. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝርኣዩ ዋኒናት ደንቢ ምትሕልላፍ ምፅራይ ከየድለየ ብመኸበሪ ሕጊ ጣብያ ብቀጥታ ክሲ ዝምስረተሉ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 24. ከይዲ ምምስራት ክሲ**

1. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝርአ ዋኒን ገበን ክሲ በቲ ምፅራይ ገበን ዘካየደ ቤት ፅሕፈት ፍትሒ ረቂቕ ክሲ ተዳልዩ ስልጣን ናብ ዘለዎ መኸበሪ ሕጊ ጣብያ ይለኣኽ፣ ክሲ ዘይምስረተሉ እንተኾይኑ በቲ ምፅራይ ዘካየደ ቤት ፅሕፈት ዓቃቢ ሕጊ ብመሰረት ሕጊ ክዕፆ ይገብር፣

2. ኣብ ፍሉይ መጋባእያ ዝምስረት ክሲ ስልጣን ብዘለዎ ዓቃቢ ሕጊ እንትኸውን እቲ ዋኒን ገበን ግዕዝይና እንተኾይኑ ኣብ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ብዘለዉ ዓቀብቲ ሕጊ ክሲ ዝምስረተሉ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 25. መሰል ውሕስና**

1. ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብዝርኣዩ ዋኒናት ገበን ዝተጠርጠረ ወይ ክሲ ዝቐረበሉ ዝኾነ ሰብ ዋሕስ ከቕርብ እንተኻኢሉ ኣብ እዋን ምፅራይ ወይ ምስማዕ ክሲ ብቑዕ ውሕስና ገይሩ ክሳብ ውሳነ ዝወሃብ ኣብ ደገ ኾይኑ ዋኒኑ ይከታተል፣

2. ብዘይብቑዕ ምኽንያት ካብ ቆፀርኡ ዝተረፈ ተጠርጣሪ ወይ ተኸሳሲ ብውሕስና ዝኣተዎ ግቡእ ናብ ከባቢኡ ዘሎ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ብስሩዕ ቅብሊት ኣታዊ ይግበር።

3. ተጠርጣሪ ወይ ተኸሳሲ እንተቐሪቡ እቲ ገንዘብ ኣታዊ ምስገበረ እቲ መዝገብ ይቕፀል፣ እንተዘይቐሪቡ ተኸሳሲ ክሳብ ዝቐርብ መዝገቡ ተዓፅዩ ይፀንሕ።

**ዓንቀፅ 26. ምቕራብ ተኸሳስን መሰኻኽርን**

1. ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ተኸሰስትን መሰኻኽርን ንኽቕርብ ኣብቲ ጣብያ ንዘሎ ሚሊሻ ትእዛዝ ይህብ፣ ትእዛዝ ዝተውሃበ ምልሻ ተኸሰስትን መሰኻኽርን ከቕርብ ግቡእ ኣለዎ፣

2. ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ኮሚሽን ፖሊስ ምስ መሓውሩ መሊኡ ክሳብ ዝጣየሽን ዝጠናኸርን ተኸሰስትን መሰኻኽርን ንኽቕርብ ንኣካላት ፀጥታ ትእዛዝ ይህብ፣

**ዓንቀፅ 27. ምቕራብ ሕቶ ተወሳኺ ግዜ ምፅራይን ሕቶ ነፃነት ኣካልን**

1. ክይዲ ምፅራይ ዋኒን ገበን ካብ መረዳእታ ናብ ሰብ ዝብል መትከል ዝተኸተለ ይኸውን፣

2. ብመርማሪ ኣካል ዝቐርብ ሕቶ ተወሳኺ ግዜ ምፅራይ እቲ ሕቶ ዝቐርበሉ ገበን ኣንፃር ህልውናን ፣ ደሕንነትን ሉኣላውነትን ህዝብን መንግስትን ትግራይ እንተኾይኑ ሕቶ ዝቐርበሉ ቤት ፍርዲ ክሳብ 14 መዓልቲ ስራሕ ተወሳኺ ግዘ ክፈቅድ ይኽእል፣ ንምፅራይ ዝወሃብ ድምር ተወሳኺ ግዘ ቆፀሮ ክሳብ ኣርባዕተ ወርሒ ክበፅሕ ይኽእል፣ ይኹን እምበር ውስብስብነት እቲ ምፅራይ ብምርኣይ ክሳብ እቲ ምፅራይ ዝውዳእ ብፉሉይ ክናውሖ ይኽእል፣

3. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ሕሉው ኾይኑ ካብዚ ወፃኢ ዘለዉ ዋኒናት ገበን ኣመልኪቱ ንዝቐርብ ሕቶ ተወሳኺ ግዘ ምፅራይ ክሳብ 14 መዓልቲ ስራሕ ተወሳኺ ግዘ ክፈቅድ ይኽእል፣ ዝወሃብ ተወሳኺ ጊዜ ምፅራይ ካብ ኣርባዕተ ወርሒ ክበልፅ የብሉን፣

4. ብገበን ኣንፃር ህልውና፣ ደሕንነትን ሉኣላውነትን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ዝተጠርጠረ ሰብ ብውሕስና ወይ መጠርጠሪ ምኽንያት የብሉን ብምባል ምፍታሕ ኣይከኣልን፣

5. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (4) ዝተቐመጠ ክልከላ ብምትሕልላፍ ተጠርጣሪ ወይ ተኸሳሲ ካብ እሱር ንክወፅእ እንተተወሲኑን ብመርማሪ ፖሊስ ወይ ብዓቃቢ ሕጊ ይግባኣኒ እንተተሓቲቱ እቲ ውሳነ ተግባራዊ ክይኮነ ይፀንሕ፣

**ዓንቀፅ 28. ስልጣን ዳይነት ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ**

ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ክፍሊ ኣርባዕተ ካብ ዓንቀፅ 31 ክሳብ ዓንቀፅ 76 ኣብ ዝተዘርዘሩ ዋኒናት ገበንን ምትሕልላፍ ደንብን ክባብያውን ስረ -ነገርን ስልጣን ዳይነት ይህልዎ።

1. ዝቐረበ ክሲ ስሩዕ ክሲ ገበን ወይ ምትሕልላፍ ደንቢ እንተኾይኑ እቲ ገበን ኣብ ዝተፈፀመሉ ወይ ውፅኢት ኣብ ዝረኸበሉ ቦታ ይኸውን፣



ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ *The Government Of the National State Of Tigrai*

2. ክትዕ ዘልዐለ ንብረት ኣብ ዝርከበሉ፣ ንኽትዕ መበገሲ ውዕሊ እንተኾይኑ ውዕሊ ኣብ ዝተፈፀመሉ ፣ ካብ ውዕሊ ወፃኢ ዝኾነ ሓላፍነት ዘስዕብ እንተኾይኑ እቲ ዋኒን ኣብ ዝተጀመረሉ ወይ ኣብ ዝተፈፀመሉ ቦታ ዝቐርብ ክሲ ወይ ጥርዓን ይኸውን፣

3. ተፀዋዒ ወይ ተኸሳሲ ኣብ ዝነብረሉ ዝቐርብ ክሲ ወይ ጥርዓን ፣ኣመልከቲ ኣብ ዝነብረሉ፣ ኣድራሻ ተፀዋዒ ወይ ተኸሳሲ ብንፁር ዘይፍለጥ ወይ ተኸሳሲ ወይ ተፀዋዒ ብዘየለሉ ዝቐርብ ጥርዓን ይኸውን።

<u>ዓንቀፅ 29. ስልጣንማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዋኒናት ፍትሃብሄር</u>

1. ግምቱ ክሳብ ሰለስተ ሚኢቲ ሽሕ ብር ዝኾነ ዝንቀሳቐስ ንብረት፣ ብውዕሊ መሰረት ወይ ካብ ውዕሊ ወፃኢ ዝቐርብ ክትዕ፣

2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ እውን መንግስታዊ ወይ ዘይመንግስታዊ ትካል ተኻታዒ ኣብ ዝኾነሉ ዋኒን ፍትሃብሄር ስልጣን ምድናይ ኣይብሉን።

<u>ዓንቀፅ 30. ስልጣን ዳይነት ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ</u>

ፍሉያት መጋባእያ ኣብያተ ፍርዲ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ክፍሊ ሓሙሽተ ካብ ዓንቀፅ 79 ክሳብ 111 ኣብ ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ከባብያውን ስረ-ነገርን ስልጣን ዳይነት ዘለዎ ኮይኑ፣

1. እቲ ገበን ኣብ ዝተፈፀመሉ ወይ እቲ ገበን ውፅኢት ኣብ ዝረኸበሉ ቦታ፣

2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ እውን ኣብ ወረዳታት ዞባ ምዕራብ ዝተፈፀመ ወይ ውፅኢቱ ኣብ ወረዳታት ዞባ ምዕራብ እንተኾይኑ ዞባ ምዕራብ ኣብያተ ፍርዲ ስሩዕ ስርሖም ክሳብ ዝጅምሩ ኣብ ሰሜን ምዕራብ ኣብ ዝኾነ ከባቢ ዝርከብ ፍሉይ መጋባእያ፣ ስልጣን ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ዝኾነ ኣብ ዞባ ሰሜን ፍሉይ መጋባእያ ምዕራብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ፣ ኣብ ወረዳ ባድመ ዝተፈፀመ ወይ ውፅኢቱ ኣብ ባድመ ዝተረኸበ እንተኾይኑ ባድመ ቤት ፍርዲ ስሩዕ ስርሑ ክሳብ ዝጅምር ኣብ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ፍሉይ መጋባእያ ተደሪቡ ዝርአ ይኸውን፣

3. ወረዳ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ካብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ብይግበኣኒ ዝመፅሉ ዋኒናት ይግበኣኒ ገበንን ቅፅዓቶም ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ማእሰርቲ ዘቕፅዑ ገበናት ሪኢ ክውስን ስልጣን ኣለዎ፣

4. ፍሉይ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ካብ ወረዳ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ብይግበኣኒ ዝመፅሉ ዋኒናት ይግበኣኒ ገበንን ቅፅዓቶም ልዕሊ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ማእሰርቲ ክሳብ ዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ወይ ቅፅዓት ሞት ዘቕፅዑ ገበናት ሪኢ ክውስን ስልጣን ኣለዎ፣

5. ፍሉይ መጋባእያ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ካብ ፍሉይ መጋባእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዝመፅሉ ዋኒናት ይግበኣኒ ሪኢ ክውስን ስልጣን ኣለዎ፣

6. ፍሉይ ሰበር መጋባእያ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብፍሉይ መጋባእያ ኣብያተ ፍርዲ ትግራይ ዝተፈፀመ መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ሓሙሽተ ዳያኑ ዝተሰየሙሉ ብሙሉእ ወይ ብኣብዝሓ ድምፂ ዝሃቦ ውሳነ መወዳእታን ገዛእን ይኸውን ፣

7. ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

## ክፍሊ ኣርባዕተ

## ዝርዝር ስልጣን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዋኒናት ገበንን ምትሕልላፍ ደንብን

## ንኡስ ክፍሊ ሓደ

## ስልጣን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዋኒናት ገበን

### ዓንቀፅ 31. ፃውዒት ክተት ዘይምቕባል

1. ዝኾነ ትግራዋይ ኣብ ሰራዊት ትግራይ ክኣቱ ወይ ክጋደል ወይ ክሕግዝ ወይ ክገልግል ዕድሚኡን ኣካላዊ ኩነታቱን ዝፈቕደሉ ሕጋዊ ወይ ምምሕዳራዊ ፃውዒት ወይ ኣዋጅ ክተት ቀሪቡሉ ዘይፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዕስራ ሽሕ ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ተቐፂዑ ግቡኡ ክፍፅም ይግበር፣

2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ እውን እቲ ግቡእ ዘለዎ ዝኾነ ሰብ ምስ ተቐፅዐ ግቡኡ ክፍፅም ድልው ምዃኑ እንተተረጋጊፁ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ነቲ ዝቐፀዖ ገንዘብ ይምልሶ ።

## ዓንቀፅ 32. ካብ ኣገልግሎት መኸተ ንምምላጥ ዝፍፀም ምጭብርባር

ዝኾነ ትግራዋይ ሉኣላውነት፣ ደሕንነትን ህልውናን ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባር ካብ ዝቐረበሉ ፃውዒት ከተት ወይ ካብ ምስላፍ ንምምላጥ ብምሕሳብ ስራሕቲ ምልመላ ወይ መደብ ምስላፍ ንዘካይዱ ሓለፍቲ ንምትላል ትሉም ሜላታት ዝተጠቐመ ወይ ሓሰት ምስክር ወረቐት ብምቕራብ፣ ብሓሰት ቃል ወይ ሰነድ ብምሕጋዝ ወይ ሕሙም ወይ ጎደሎ ኣካል ብምምሳል ዘታለለ እንተኾይኑ ካብ ሳለሳ ሽሕ ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ተቐፂው ግቡኡ ክፍፅም ይግበር።

## ዓንቀፅ 33. ካብ ምኽታት ነፃ ምግባር

ዝኾነ ኣመራርሓ ፣ኣባል ኮሚቴ መኸተ ፣ሓላፊ ምምሕዳር ኣብ ሰራዊት ትግራይ ተሰሊፉ ኣንፃር ፀላእቲ ክምክት ወይ ከገልግል ወይ ክሕግዝ ሕጋዊ ወይ ምምሕዳራዊ ግቡእ ንዘለዎ ትግራዋይ ግቡእ ብዘይኾነ ምኽንያት ንከይኽትት ሓሲቡ ግቡእ ከይፍፅም ዝገበረ ወይ ነፃ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ከበፅሕ ዝኽእል ቀሊል ማእሰርትን ዓሰርተ ሽሕ ብርን ተቐፂው እቲ ነፃ ዝተገበረ ሰብ ግቡኡ ክፍፅም ይግበር።

## ዓንቀፅ 34. ንመኸተ ምዕንቃፍ

ዝኾነ ሰብ ህልውናን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባር ክጋደል ዝግበኦ ንኸየጋድል ብምሕሳብ ዝሓበኦ ወይ ክሕባእ ዝገበረ ወይ ካብ ግንባር ወይ ካብ ሕክምና መሊቑ ናብ ገዝኡ ዝተመለሰ ኣባል ሰራዊት ትግራይ ዝሓበኦ ወይ ክሕባእ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዕስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

## ዓንቀፅ 35. ክብሪ ምግዳልን ተጋደልትን ምንካእ

ዝኾነ ሰብ ክብሪ ምግዳል፣ ተጋደልትን ስድራ ተጋደልትን ንምንካእ ብምሕሳብ ብዘረባ፣ ብፅሑፍ ወይ ብምስሊ ወይ ካሊእ ብዝኾነ ሜላ ክብሪ ምግዳልን ስድራ ተጋደልትን ኣብ ዝነክእ ወት ዘዋርድ ወይ ዘናሹ ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዒስራ ሽሕ ካብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

**ዓንቀፅ 36. ስርቂ**

ዝኾነ ሰብ ዘይግብኦ ረብሓ ንምርካብ ወይ ንካልእ ሰብ ንኸረክብ ብምሕሳብ ንብረት ካልእ ሰብ ዝኾነ ተንቀሳቓሲ ኣቕሓ ወይ ካብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝተነፀለ ኣቕሓ ኣልዒሉ ዝወሰደ ፣ ብቐጥታ ንብረት በዕሉ ዝገበረ ወይ ብተዘዋዋሪ ምስ ናይ ባዕሉ ንብረት ዝሓዋወሰ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዓሰርተ ሽሕ ክሳብ ዒስራ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብን ተቐፂዑ እቲ ዝሰረቖ ንብረት ወይ ግምት ዋግኡ ክኸፍል ይግበር።

**ዓንቀፅ 37. ብዘይፍቓድ ገንዘብ ወይ ንብረት ምእካብ**

ዝኾነ ሰብ ዝምልከቶ በዓል መዚ ከይፈቐደሉ ብዝኾነ ዓይነት ሜላ ገንዘብ ወይ ንብረት ዝኣከበ ንባዕሉ ወይ ንካልእ ሰብ ጥቕሚ ንክረክብ ብምሕሳብ ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ክልተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ቀሊል ማእሰርትን ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብን ይቕፃዕ፣ እቲ ዝኣከቦ ገንዘብ ወይ ንብረት ይውረስ ወይ ዋግኡ ይኸፍል።

**ዓንቀፅ 38. ንብረት ብዘይኣግባብ ምጥቃምን ምብኻንን**

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ሃፍቲ መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ኣብ ጥቕሚ ንክውዕል ዝዓቀብዎ ወይ ብሓደራ ዘቐመጥዎ ወይ ንግዚኡ ካብ ትሕዝቶ ዝኾነ ሰብ ናብ ትሕዝትኡ ዝሓወሰ ወይ ብስራሕ ወይ ብካልእ ምኽንያት ናብ ሳልሳይ ወገን ዘመሓላለፈ እንተኾይኑ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ክልተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ቀሊል ማእሰርትን ካብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ክሳብ ዒስራ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ተቐፂዑ እቲ ሃፍቲ ወይ ግምት ዋግኡ ክትክእ ይግበር።

**ዓንቀፅ 39. ምሕናይ ወይ ምፍርራሕ**

1. ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ድንጋፀ ወይ ፍርሒ ብዝፈጥር ኩነት ከቢድ ሓደጋ ወይ ጉድኣት ዘብፅሓሉ ምኺኑ ብምግላፅ ዘፈራርሐ እንተኾይኑ ብሽዱሽተ ወርሒ ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ዓሰርተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣

2. እዚ ገበን ዝተፈፀመ ኮነ ኢሉ ብጭካነ፣ ብሓይሊመሰርሒ ኩናት ብምጥቃም ወይ ብካልእ ሓደገኛ መሳርሒ ተጠቒሙ ዝፈፀሞ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 40. ብወረ ህዝቢ ምርዓድ

1. ዝኾነ ሰብ፦

   ሀ. ንድሕንነት ህዝቢ ትግራይ ወይ ንሂወት ወይ ጥዕና ወይ ንብረት ውልቀ ሰባት ዘስግእ ሓደጋ ብፍላይ ወራር፣ ቅትለት፣ ባርዕ ሓዊ ፣ ጥፍኣት ወይ ሓደጋ ከትራን ከምዝበፅሕ ብምፍርራሕ ወይ፣

   ለ. ኩነታት ብዛዕባ እዘም ተግባራት ወይ ብሓፈሻ ብዛዕባ ዝበፅሕ ሁከት ወይ ኣብ ቐረባ ብዛዕባ ዝበፅሕ ጉድኣት ወይ ሓደጋ ተፈጥሮ ወረ ሓሰት ብምንዛሕ ሓሲቡ ህዝቢ ዘርዓደ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ዘይበልፅ ቀሊል ማእሰርትን ሰለስተ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣

2. እቲ ተግባር ዝለዓለ ረብሻ ወይ ምጉስቋል ከምፅእ ዝኽእል ወይ ዘምፅአ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ዘይበልፅ ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሳላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 41. ወረ ሓሰት ብምውራይ ንህዝቢ ምልዕዓል

ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ፣ ህዝቢ፣ ሰብ መዚ ትግራይ ወይ ኣብ ስርሖም ወረ ሓሰት ፣ጥርጣረ ወይ ሓሜት ሓሰት ዝፈጥር ወይ ዝነዝሕ ካብዚ ዝብገስ ኣተሓሳስባ ህዝቢ ዘናግዐ፣ ዘለዓዓለ ወይ ክናግዕ ዝኽእል እንተኾይኑ ወይ ብዝኾነ ዓይነት ምስኣን እምነት ወይ ካልእ ሚላ ጥርጣረ ብምግፋሕ ስግኣት ዘጋፍሐ ወይ ተግባር ሓይሊ ሃይማኖታዊ ወይ ተግባር ሓይሊ ፖለቲካዊ ወይ ዘርኢ ሁከት ዘለዓዓለ እንተኾይኑ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ክልተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ቀሊል ማእሰርትን ሓሙሽተ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣ እቲ ገበን ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ ግዘ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሸውዓተ ሽሕ ብር ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 42. ብሓሶት ምውንጃል ወይ ምኽሳስ**

ዝኾነ ሰብ ኣብ ግልፂ መድረኽ ገምጋም ዘቕረበ እንተይኮነስ፦

1. ካልእ ሰብ ንፁህ ምዃኑ እናፈለጠ ብዘይፈፀሞ ገበን ኣብ በዓል መዚ ቐሪቡ ገበነኛ ዝገበሮ እንተኾይኑ፣ ወይ
2. ብዝኾነ ካልእ ሜላ ብፍላይ ንፁህ ንዝኾነ ሰብ ብዘይፈፀሞ ገበን ክኽሰስ ተሊሙ ገበን ከም ዝፈፀመ ብምምሳል ወይ ሽሙ ከይገለፀ ትኽክለኛ ብዘይኾነ ገበን ንካልእ ሰብ ዝኽሰሰ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 43. ምጉዳል እምነት**

ዝኾነ ሰብ ግቡእ ዘይኾነ ረብሓ ንምርካብ ወይ ካልእ ሰብ ንክረክብ ብምሕሳብ ናይ ካልእ ሰብ ዝኾነን ንሓደ ዝተወሰነ ኣገልግሎት ወይ ብሓደራ ዝተውሃቦ ዋጋ ዘለዎ ነገር ወይ ጥረ ገንዘብ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ንባዕሉ ዝገበረ ወይ ንካልእ ሰብ ዝገበረ፣ ዝወሰደ፣ ዘውሰደ፣ ዝሰወረ ወይ ንባዕሉ ወይ ንካልእ ሰብ ኣገልግሎት ዘውዓለ ወይ ነዚ ዝመስል ዝኾነ ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ ከከም ኩነታቱ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 44. ምትላል**

ዝኾነ ሰብ ዘይግቡእ ረብሓ ንባዕሉ ክረክብ ወይ ንካልእ ሰብ ንኽረክብ ብምሕሳብ ዘሳሓሕቱ ነገራት ብምዝራብ፣ ናይ ባዕሉ መንነት ወይ ኩነታት ብምስዋር ወይ ክገልፅ ዝግበኦ ብምሕባእ ወይ ናይ ካልእ ሰብ ዝተሳሓሓተ እምነት ወይ ግምት ብምጥቃም ብምፍፃም ኮነ ብዘይምፍፃም ንካልእ ሰብ ኣታሊሉ ናይ ባዕሉ ወይ ናይ ሳልሳይ ወገን ናይ ንብረት ጥቕሚ ዝጎድእ ተግባር ንክፍፀም ዝገበረ እንተኾይኑ ብሓደ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ፣ ኣፈፃፀማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ዘይበልፅ ፅኑዕ ማእሰርትን ሰለስተ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 45. ምዕናው ሃፍቲ ህዝቢ**

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ሃፍቲ ዝኾነ ሰብ ዝተፈላለዩ ሜላታት ተጠቒሙ ዘዕነወ ወይ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ዝገበረ ወይ ዘቃፀለ ወይ ዘበላሸወ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሰላሳ ሽሕ ክሳብ ሓምሳ ሕሽ ብርን ተቐፂሩ ግምት ዋጋ እቲ ዘዕነዎ ንብረት ይኸፍል፣

2. እቲ ተግባር ገበን ዝተፈፀመ ብሸለልትነት እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ዒስራ ሽሕ ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብር ተቐፂሩ ግምት ዋጋ እቲ ዝዓነወ ሃፍቲ ይኸፍል።

**ዓንቀፅ 46. ዘይተማለአ ወይ ልክዕ ዘይኾነ ሓበሬታ ምሃብ**

1. ዝኾነ ሰብ ፀብፃብ ከቕርብ ወይ መግለፂ ክህብ ወይ መግለፂ ከዳሉ ወይ ቅጥዒ ሰነድ ኣገልግሎት ክመልእ ግቡእ ወይ ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ ኮነ ኢሉ ዘይተማለአ ወይ ልክዕ ዘይኮነ ሓበሬታ ዝሃበ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

2. እቲ ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ክሳብ ሸውዓተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 47. ሓደጋ ዘይምሕባር**

1. ዝኾነ ሰብ ስጉምቲ ክውሰደሉ ዝግባእ ሓደጋ ምህላዉ እናፈለጠ ኣብ ቀረብኡ ንዝርከብ ኣመራርሓ ወይ ኣካል ምምሕዳር ዘየፍለጠ ፣ነቲ ሓዳጋ ዝሓብእ ብውልቀ ወይ ብኽባቢ ዘድሊ ጥንቃቐን ምድላውን ዘይገበረ እቲ ሓደጋ ንኸትርፍ ትእዛዝ ተዋሂብዎ ዘይተዳለወ ወይ ነቲ ዝተውሃበ ትእዛዝ ብዘይምኽባር ኮነ ኢሉ ዝፈፀመ እዚ ተግባር ኣብ ንብረት ህዝቢ ፣መንግስቲ ዓብዪ ሓደጋ ዘብፀሐ እንተኾይኑ ከከም ክብደት እቲ ገበን ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ካብ ስሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣

2. እቲ ተግባር ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ክልተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 48. ምእዳም ወይ ምዕማፅ**

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ምስ ካልኦት ሰባት ብምኧን ዝምልከቶም ሰብ መዚ ንዝሃብዎ ትእዛዝ ወይ መምሪሒ ንዘይምፍፃም፣ ንዝምልከቶ ሓላፊ ወይ ሕጋዊ ወይ ምምሕዳራዊ ውሳነ ብምቅዋም ዝዓመፀ ወይ ዝኣደመ ወይ ብክፉእ ልቦና ንዓመፅን ኣድማን ዝተንቀሳቐሰ ወይ ዝተሓነፀ ወይ ተግባር ሓይሊ ዝፈፀመ ወይ ንክፍፀም ዝመርሐ ወይ ዘተሓባበረ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ክበፅሕ ዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣

**ዓንቀፅ 49. ምሕባእ ወይ ዘይምርካብ ወታደራዊ ዕጥቂ**

ዝኾነ ሰብ ብዝምልከቶ በዓል መዚ መንግስቲ ትግራይ ክይተፈቕደሉ ዝኾነ ዓይነት ወታደራዊ ዕጥቂ ወይ ናውቲ ዝሓዘ ወይ ዝሓብአ ወይ ንመንግስቲ ዘየረከበ ወገን ክይጥቀመሉ ወይ ብዝኾነ ካልእ ምኽንያት ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ተቐፂዑ እቲ ኣፅዋር ወይ ናውቲ የረክብ ወይ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ እንተኾይኑ ግምት ዋግኡ ይኸፍል።

**ዓንቀፅ 50. መውቃዕቲ**

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ኣብ ሂወት ወይ ኣካል ዘላቒ ዝኾነ ጉድኣት ክይብፀሐ ተግባር መውቃዕቲ ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 51. ምጥፋእ ወይ ምስዋር መንግስታዊ ሰነድ**

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ መንግስታዊ ሰነድ ዘጥፍአ ወይ ጉድኣት ክበፅሕ ዝገበረ ወይ ዝቐደደ ወይ ዘጥፈአ ወይ ኣብ ጥቕሚ ክይውዕል ዝገበረ ወይ ዝሰረዘ ወይ ዘበላሸወ እቲ ተግባር ቀሊል እንተኾይኑ ካብ ክልተ ዓመት ዘይበልፅ ቀሊል ማእሰርቲ፣ ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ዘይበልፅ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 52. ምሸጥር ምብኻን ወይ ብኣግባቡ ዘይምምሕላፍ**

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ብዝመርሖ ወይ ሓላፍነት ብዘለዎ ኣካል ብቃል ወይ ብፅሑፍ ወይ ብምልክት ወይ ብካልእ ሜላ መተሓላለፊ መልእኽቲ ወይ ትእዛዝንባዕሉ ወይ ንነበርቲ ከባቢኡ ብምሸጥር ዝተመሓላለፈ ትእዛዝ ወይ ምሸጥር ንዘይግብኦ ሰብ ብምግላፅ ወይ ብምልውዋጥ ምሸጥር ዘበኸነ ወይ ብኣግባቡ ነዚ ምሸጥር ክፈልጥ ዝግብኦ ዝምልከቶ ኣካል ዘየመሓላፈ እንተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ዓሰርተ ሽሕ ክሳብ ዒስራ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣

2. እዚ ተግባር ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሰላሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 53. ምትሕልላፍ ሓሰተኛ ምልክት ሓዳጋ**

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ሓደጋ ኣብዘየለሉ ወይ ዘይተፈጠረሉ ወይ ኣብ ዘይተረጋገፀ ሓሰተኛ ዝኾነ ምልክት ሓደጋ ዘተሓላለፈ እንተኾይኑ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ክልተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣

2. እቲ ገበን ዝተፈፀመ ብሸለልትነት እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሻሙሽተ ሽሕ ብር ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 54. ሕጋዊ ስርሑ ንዝሰርሕ ኣመራርሓ ወይ ኣካል ምምሕዳር ምትዕንቃፍ ወይ ምስንኻል**

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ብውልቀ ወይ ምስ ካልኦት ሰባት ተጎጂሉ ሕጋዊ ስርሑ ንዝሰርሕ ኣመራርሓ ወይ ኣካል ምምሕዳር ስርሑ ወይ ልኡኹ ንከይሰርሕ ወይ ከይፍፅም ንምትዕንቃፍ ወይ ንምስንኻል ብዝኾነ ዓይነት ሜላ ወይ ዝኾነ ዓይነት ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሰለስተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሸውዓተ ሽሕ ብር ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣

2. እቲ ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሰለስተ ሽሕ ብር ክሳብ ሓሙሽተ ሕሽ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 55. ትእዛዝ ዘይምኽባር

ዝኾነ ሰብ ካብ መርማሪ ወይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝተውሃበ ትእዛዝ ዘይፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ክልተ ዓመት ቀሊል ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

## ንኡስ ክፍሊ ክልተ

## ስልጣን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ምትሕልላፍ ደንቢ

## ዓንቀፅ 56. ሕጋዊ ገንዘብ ዘይምቕባል

ዝኾነ ሰብ ብቑዕ ምኽንያት ከይሃለዎ ዋጋ ብዘለዎ ማዓድን ወይ ወረቐት ዝተሰርሐ ሕጋዊ ገንዘብ ኣይቕበልን እንተይሉ ካብ ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ክሳብ ሰለስተ ሺሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 57. ዝወደቐ ወይ ናብ ሓሰት ዝተለወጠ ወረቐት መጓዓዝያ ወይ ትኬት ምጥቃም

ዝኾነ ሰብ ዝወደቐ ወይ ናብ ሓሰት ብዝተለወጠ ወረቐት መጓዓዝያ ወይ ትኬት ወይ ኣብ ኣገልግሎት ብዝወዓለ ትኬት እንተተጠቂሙ ካብ ሓደ ሽሕ ብር ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 58. ዝተጠቀዐ ምልክታ ምቕዳድ ወይ ምልዓል ወይ ምብልሻው

ዝኾነ ሰብ ብዝኾነ ኩነታት ግልፂ ዝኾነ ሕጋዊ ምልክታታት ወይ ኣብ ኣደባባይ ዝተጠቀዐ ሕጋዊ ምልክታን ሕግታትን ከነ ኢሉ ካብ ዝተጠቀዐሉ ቦታ ዘልዐለ ወይ ዝቐደደ ወይ ዝለወጠ ወይ ዝሰረዘ ወይ ዘበላሸወ ወይ ኣብ ልዕሊኦም ካሊእ ምልክታ ዝለጠፈ ወይ ዘሰረሐ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 59. ብዘየለ ስልጣን ምግልጋል

ኾነ ሰብ ብሕጊ ዝሳኣኖ ወይ ንግዚኡ ብቤት ፍርዲ ዝተኸልከሎ ወይ ንሓዋሩ ዝተኸልከሎ ስልጣን፣ ስልጣን ከምዘለዎ ብምምሳል እንተተገልጊሉ ካብ ሓደ ሽሕ ብር ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 60. ንበዓል መዚ ዘይምሕጋዝ

ዝኾነ ሰብ ግቡእ ስርሑ እናፈፀመ ንዘሎ ሰራሕተኛ መንግስቲ ወይ ኣመራርሓ ንዝተወሰነ ዕላማ ወይ ብፍላይ ገበን ምንጋዕ ሰላም ህዝቢ ወይ ካሊእ ፍፃመ ገበን ወይ ምምላጥ ገበነኛ ንምክልኻል ካብኡ ዝድለ ሓገዝ ክገብር እንትሕተት ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ ምኽንያት ከይሃለዎ ወይ ሓገዝ

እንትገብር ኣብ ልዕሊኡ ሓደጋ ዘይበፅሕ እናሃለወ እምቢተኛ ኮይኑ እንተተረኺቡ ካብ ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 61. ትእዛዝ ዘይምፍፃም ወይ እምቢተኛ ምኳን**

ዝኾነ ሰብ ግቡኡን ሓላፍነቱን እናፈፀመ ወይ ሕግን ስርዓትን ንምኽባር ግቡኡ ንዝፍፅም ኣካል፡-

1. ሽሙ፣ ኣድራሽኡ፣ መንነቱ ክነግር እንትሕተት ወይ ሓፈሻዊ ውልቃዊ ኩነታቱ ዝተመልከተ ብዝርዝር ክገልፅ እንትሕተት ወይ፣
2. ጠጠው ክብል ወይ ክንቐሳቐስ ወይ ክለቕቕ ወይ ህዝቢ ካብ ዝመሓለለፈለም በታታት ክለቕቕ ወይ ዝሓዘም ነገራት ወይ ሰነዳት ወይ ዘጠራጥሩ ነገራት ከፈትሽ ወይ ካልእ ሕጋዊ ትእዛዝ ክፍፅም እንትእዘዝ እምቢተኛ እንተኾይኑ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 62. ብዘስካሕክሕ ኩነታት እንስሳት ምስቓይ**

ዝኾነ ሰብ ህዝቢ ኣብ ዝእከበሉ ቦታ ወይ ኣብዝኾነ ቦታ ብዘሰቕቕኩነታት እንስሳት ዘንገላተዐ ወይ ዘሳቐየ ወይ ዘስክሕ ተግባር ዝፈፀመ ወይ ኣብ ልዕሊ እንስሳት ዝለዓለ ጉድኣት ዘብፀሐ ወይ እንስሳት ንወዲ ሰብ ክህቦ ዝግባእ ኣገልግሎት ከይህበ ዝገብር ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ ካብ ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 63. ዝተኸልከለ ዕጥቂ ምሓዝን ምግልጋልን**

ዝኾነ ሰብ ክሕዞ ወይ ክዓጥቆ ኣብ ዘይተፈቐደ ቦታት ከም ካራ፣ ገጀራ፣ ፊራር፣ፋስ፣ ጭማራ ዝኣመሰሉ ሓደጋ ከብፅሑ ዝኽእሉ ቀለልቲ ዕጥቅታትን መሳርሕታትን ካብ ስራሕ ቦትኡ ወይ ገዝኡ ወፃኢ እንተሒዙ ካብ ክልተ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 64. መንገድን መእከቢ ህዝብን ምሕላው**

ዝኾነ ሰብ ዕንቅፋት ክኾን ዝኽእል ወይ ኣብ ልዕሊ ዝሓልፍ ህዝቢ ጉድኣት ከብፅሕ ዝኽእል ወይ ንዝሓልፍ ህዝቢ ምጭንናቕ ዝፈጥሩ ናውቲ ወይ ዝኾነ ዓይነት ኣቕሓ ወይ ንስራሕ ዘገልግሉ ነገራት ወይ ጉሓፋት ወይ ፅራጋት ህዝቢ ኣብ ዝእከበሉ ቦታ ወይ ዝመሓላለፈሉ መንገዲ ወይ መውፅእን

መእተውን ቦታ ዝኾነ ነገር ብምትካል ወይ ብምቕማጥ ወይ ብምንጥልጣል ወይ ብምንጋፍ ወይ ብምድርባይ ወይ ረሳሕ ፈሳሲ ብምፍሳስ ወይ ትእዛዝን ምልክታን ብዘይምኽባር ወይ ክግበር ዝግብኦ ጥንቃቐ ብዘይምግባር ግቡኡ እንተዘይፈጺሙ ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 65. ሓደገኛ ነገር ምቁፅፃር

ዝኾነ ሰብ፡-

1. ኣብ ዝርገሐ መስመር ኤለክትሪክ ዝፍጠር ሓደገኛ ተግባር ወይ መውፂኢ ትኪ ወይ ጋዝ ወይ መውፂኢ ማይ ወይ ብሓዊ ወይ ኤለክትሪክ ዝሰርሕ ነገርን ቦታን ንምቁፅፃር ንምስራሕ ዘድሊ ጥንቃቐ ዘይገበረ ወይ ነዚ ዝምልከት ትእዛዝን መምርሕን እንተጢሒሱ ወይ፣

2. ኣብ እዋን በዓል ዝቱኮስ ነታጒ ወይ ርችት ወይ ካልእ መፃወቲ ኣብ ዝተኸልከለ ቦታ እንተተኮሱ ወይ ኣብ ዝቱከሰሉ ቦታ እንተዘይገይሩ ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሺሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 66. ምቁፅፃር ጥዕና ሕብረተሰብ

ዝኾነ ሰብ፡-

1. ማይን መተሓላለፊ መስመር ማይን ወይ ህዝቢ ኣብ ዝእከበሉ ቦታ ወይ ትካል ወይ መንበሪ ወይ ስራሕቲ ንግዲ ዝካየደሉ ቦታን ገዛን ወይ ፋብሪካ ወይ መፍረይ ትካል ወይ ኢንዱስትሪ ወይ ካልእ ተግባር ዝፍፀመሉ ቦታ ጥዕናን ፅሬትን ጠሚቱ ዝወፀ ሕጊ፣

2. ሕማም ኣእምሮ ወይ ተመሓላለፍትን ተላበድትን ሕማማት ሰብን እንስሳን ብጥንቃቐ ምሕላው ወይ ሰብን እንስሳን ምሕላው ወይ ምእታው ወይ ምሕካም ወይ ምክልኻል ክታበትን ወይ ብዝተፈላለየ መንገዲ ንምክልኻል ዝወፁ ሕግታትን ዝተውሃቡ ትእዛዛትን ዝጠሓሰ ወይ፣

3. ንትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ሺሻ ወይ ጫት ወይ ሽጋራ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ቐሊል መዐወኒ እፀ ዝሃበ ወይ፣

4. ሺሻ ዝተጠቕመ ወይ ዘዘዋወረ ወይ ዝሸጠ እንተኾይኑ፣



ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
The Government Of the National State Of Tigrai

5. ብኸላት ከባቢ ንምክልኻልን ንምቑፅፃርን ዝወፀ ሕጊ ዝጠሓሰ እንተኾይኑ ሽድሽተ ወርሒ ቀሊል ማእሰርትን ዒስራ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፡

## ዓንቀፅ 67. ምጥሓስ መሰል ውልቃዊ ምሽጥር

ዝኾነ ሰብ ኣብ ውልቀ ሂወት ወይ ናብራ ወይ ደብዳበ ብዝለኣኸ ውልቃዊ ምሽጥር እንተቐሊዑ ወይ እንተገሊፁ ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 68. ኣብ ልዕሊ ሰብ ዝፍፀም ሕልፊት ኢድን ቀሊል ተግባር ሓይልን

ዝኾነ ሰብ፡-

1. ንሰብ ከይወቕዐ ወይ ከየቁሰለ ቀሊል ተግባር ምድፋእ ወይ ምትንካፍ ወይ ተመሳሳሊ ሕልፊት ኢድ እንተፈፂሙ፣
2. ኣብ ልዕሊ ካሊእ ሰብ ረሳሕ ማይ ወይ ጉሓፍ ወይ ካልእ ዘፀልእ ወይ ዘርስሕ ነገር እንተደርቢዩ ወይ እንተፍሲሱ ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 69. ኣብ ልዕሊ ክብሪ ወዲ ሰብ ዝፍፀም ቀሊል ጥፍኣት

ዝኾነ ሰብ ንካልእ ሰብ ዝተፃረፈ ወይ ዘናሸወ ብፍላይ እቲ ፀርፊ ወይ ምንሻው ከይተጋፈሐ እንተተረፉ ወይ እቲ ዝተበደለ ሰብ እንተዘይተረዲኡዎ ወይ ተበዳሊ ግብረ መልሲ እንተዘይሂቡ ወይ ንተበዳሊ ይቅርታ እንተሓቲቱን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ቕፅዓት ነፃ ክገብሮ ይኽእል፣ ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺቡዎ ግን ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ክልተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 70. መነወሪ ሕቶ ዝሙትን ተግባር ብዕልግናን

ዝኾነ ሰብ፡-

1. ንፀቡቕ ስነ-ምግባር ብዝፃባእ መልክዕ ንፆታዊ ርክብ ንዘይደልዮ ወይ ዘይሓተቶ ሰብ ብምንካእ ወይ ብምድርራዝ እንተሃዊኹ ወይ፣

2. ፆታዊ ርክብ ክፍፀም ወይ ንፀቡቕ ስነ-ምግባር ተፃባኢ ዝኾነ ተግባር ወይ ብባህሊ ኣፀያፊ ዝኾነ ዓይነት ተግባር ክፍፀም ንሰብ እንተለዓዒሉ ወይ እንተደፋፊኡ ወይ፣

3. ብዝሙት፣ ብሕብረተሰብ ክምነውሪ ዝውሰዱን ነዚኦም ዝኣመስሉን ተግባራት ተዋፊሩ ጎረባብቲ ወይ ነበርቲ እቲ ከባቢ ዝሃወኸ እንተኾይኑ ካብ ክልተ ሺሕ ክሳብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 71. ሓለዋ ሃፍቲ መንግስትን ውልቀን

ዝኾነ ሰብ፡-

1. ብኣግባቡ እንተዘይተፈቒዱ ካብ ህዝቢ ወይ ውልቀ ትሕዝቶ ሓመድ ወይ እምኒ ወይ ዕንፀይቲ ወይ ሑፃ ወይ ሳዕሪ ወይ እትኽልቲ ወይ ፍረ ምረ ዝኣመስሉ እንተወሲዱ፣

2. ኣብዝኾነ እዋን ከይተፈቐደሉ ወይ መሰል ከይሃለዎ ብሓፁር ወይ ብዙሩእ መሬት ወይ ብዝፈረየ መሬት ተኽሊ በታ ረጊፁ እንተሓሊፉ ወይ ዘሊሉ እንተኣቲዩ ብእንስሳት ዘቤት እንተርጊፁ ወይ እንተሕሊፉ ወይ እንተብሊዑ ኣብ ልዕሊ ንብረትን ኣቕሑትን ካልእ ሰብ ጉድኣት እንተብፅሑ ብሰለስተ ወርሒ ቀሊል ማእሰርትን ሓሙሽተ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 72. ቀሊል ስርቂ

ዝኾነ ሰብ ብፀገም ወይ ብግዚያዊ ድሌት ወይ ብምንኣስ ሕልና ግምቱ ዝነኣሰ ሃፍቲ ካልእ ሰብ ንግዚኡ ክበልዖ ወይ ክጥቀመሉ ብምሕሳብ እንተሰሪቁ ካብ ሓሙሽተ ሚኢቲ ክሳብ ሓደ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 73. ምሕባእ ንብረትን ንበዓል መዚ ዘይምፍላጥን

ዝኾነ ሰብ ካልእ ሰብ ዝረሰዖ ወይ ካብ ካልእ ሰብ ዝጠፍአ ወይ ኣብ መሬት ተቐቢሩ ዝተረኸበ ዋጋ ዘለዎ ንብረት ረኺቡ ንዝምልከቶ በዓል መዚ ከየፍለጠ እንተተሪፉ ካብ ሓደ ሽሕ ክሳብ ክልተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።



ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ * The Government Of the National State Of Tigray

**ዓንቀፅ 74. ንዝተገልገልካዮ ዘይምኽፋል**

ዝኾነ ሰብ ንህዝቢ ኣገልግሎት ክህብ ኣብ ዝተኸፈተ ቤት ብልዒ ወይ ቤት መስተ ወይ ቤት መደቀሲ ወይ ሆቴል ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ትካል ንግዲ ተጠቒሙ ኣይከፍልን እንተይሉ ካብ ክልተ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ተቐፂዑ እቲ ዘይከፈሎ ገንዘብ ይኸፍል።

**ዓንቀፅ 75. ኣገልግሎት ብዘይክፍሊት ምጥቃም**

ዝኾነ ሰብ ብክፍሊት ጥራሕ ክርከብ ዝኽእል ኣገልግሎት ምኳኑ እናፈለጠ ብምትላል ብዘይክፍሊት እንተተጠቒሙ ብፍላይ፣

1. ምርኢት ወይ መዘናግዒ ወይ ተዋስኦ ወይ ኤግዚቭሽን ወይ ካልእ ንግዲ ኣብ ዝተዳለወ ምድላው ዝኣተወ ወይ፣
2. ሳንቲም ኣእቲኻ ኣብ ዝሰርሑ ማሽናት እንተተገልጊሉ ካብ ክልተ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 76. ብዘይፍቓድ ገንዘብ ምእካብ**

ዝኾነ ሰብ ብሽም ትካል ሕጋዊ ብዘይኾነ ፍቓድ ኣብ ኣደባባይ ገንዘብ እንተኣኪቡ ወይ እንተሓቲቱ ወይ ፀዋታ ቁማር ወይ ፀወታ ውርርድ ወይ ብመንግስቲ ትግራይ ዝተኸልከለ ዝኾነ ይኹን ፀወታ ዕድል ኣጣይሹ ዝነግድ ወይ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ፀወታ ወይ ውድድር ዝተሳተፈ እንተኾይኑ ካብ ክልተ ሽሕ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ብር ተቐፂዑ እቲ ዝተኣከበ ገንዘብ ይውረስ።

**ዓንቀፅ 77. ቅፅዓት ገንዘብ ናብ ጉልበት ስራሕ ምልዋጥ**

1. ብመሰረት እዚ ደንቢ ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ቅፅዓት ገንዘብ ዝተወሰነሉ ጥፍኣተኛ ክኸፍል ዓቕሚ ከምዘይብሉን ናብ ጉልበት ስራሕ ክልወጠሉ ሕቶ እንተቕሪቡን እዚ እንተተረጋጊፁን ነቲ ቕፅዓት ገንዘብ ዝመጣጠን ኣብ ልምዓታዊ ስራሕቲ እቲ ጣብያ ወይ ኣብቲ ጣብያ ንዝርከቡ ድጋፍ ዘድልዮም ክፋላት ሕብረተሰብ ክድግፍ እቲ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ክልውጠሉ ይኽእል፣

2. ዝተለወጠ ጉልበት ስራሕ ብክትትልን ቁፅፅርን ምክትል ዋና ኣማሓዳሪ ጣብያ ዝፍፀም ይኸውን፣

3. ኣግባብ ምልዋጥ ቅፅዓት ናብ ጉልበት ስራሕ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

## ክፍሊ ሓሙሽተ

## ዝርዝር ስልጣን ኣብ ፍሉይ መጋባእያ ፍርዲ ዝወድቑ ገበናትን ኣሰራርሓ ፍሉይ መጋባእያ ኣብያተ ፍርድን

### ዓንቀፅ 78. ስልጣን ዳይነት

1. ፍሉይ መጋባእያ ኣብያተ ፍርዲ ትግራይ ካብዚ ቐፂሎም ኣብ ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ከበብያውን ስረ-ነገርን ስልጣን ዳይነት ይህልዎም፣

2. ንኣፈፃፅማ እዚ ደንቢ ክበሃል ኣብዘም ዋኒናት ገበን ኣብ ሞንጎ ፍሉይ መጋባእያ ኣብያተ ፍርዲ ዝህሉ ክፍፍል ስልጣን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብዘውፅኦ መምርሒ ዝውሰን ይኸውን።

### ዓንቀፅ 79. ኣብ ልዕሊ ሕገ-መንግስትን ሕገ መንግስታዊ ስርዓትን ትግራይ ዝፍፀም ገበን

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከበቢ ብዘየገድስ፦

1. እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ግዘን ብዘየገድስ ብሓይሊ ወይ ብዓመፅ ወይ ብምፍርራሕ ወይ ሕጋዊ ብዘይኾነ ብዝኾነ መንገዲ ሓሲቡ ብሕገ መንግስቲ ትግራይን ካልኦት ሕግታትን ዝተጣየሸ ስርዓት ዘፍረሰ ወይ ንምፍራስ ዝፈተነ ዝለወጠ ወይ ዝኣገደ እንተኾይኑ ብኻልእ ኣብ ስራሕ ዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ብዝተገለፀ ገበን ፍፃመ ኣብ ልዕሊ ወይ ድሕንነት ወይ ናብራ ህዝቢ ዝለዓለ ምንጋዕ ዝበፅሐ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

### ዓንቀፅ 80. ተግባራዊነት ሕገ መንግስታዊ ስልጣን ምትዕንቃፍ

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ግዘን ብዘየገድስ ብተግባር ሓይሊ ወይ ብምፍርራሕ ወይ ካብ ሕጊ ወፃኢ ብዝኾነ ብኻልእ ብዝኾነ መንገዲ ብሕገ መንግስትን ካልኦት ሕግታትን ትግራይ ስልጣን ዝተውሃቦ ኣካል ወይ በዓል መዚ ስርሑ ከይፍፅም ዘዐንቀፈ ወይ ዝኸልከለ ወይ ኣገዲዱ ውሳነ ክህብ ዝገበረ ወይ ዝፈተነ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ ።

## ዓንቀፅ 81. ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ሰብ መዝን ትግራይን ንውግእ ምልዕዓል

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ብሕገ መንግስትን ሕገ መንግስታዊ ስርዓትን ትግራይ ወይ ብኻልኦት ሕግታት ኣብ ልዕሊ ዝተጣየሹ ኣካላት ወይ ሰብ መዚ ወይ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ወይ ሓይሊታት ምክልኻል ሰራዊት ትግራይ ሸፋቱ ብምውዳብ ወይ ብምምራሕ ውግእ ክካየድ ዝገበረ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣
2. እቲ ዝተፈፀመ ተግባር ገበን ኣብ ልዕሊ ድሕንነት ወይ ናብራ ህዝቢ ትግራይ ዝለዓለ ምንጋዕ ዘስዓበ እንተኾይኑ እቲ ፈፃሚ ገበን ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣
3. ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ብዝተደንገገ መሰረት ኣብ ዝተወደበ ወይ ኣብ ዝተለዓዓለ ምንቅስቓስ ብናይ ባዕሉ ፍቓድ ዝተኻፈለ ወይ ዝመረሐ ወይ ዝወደበ እንተኾይኑካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 82. ሓድነት ግዝኣትን ፖለቲካን መንግስቲ ትግራይ ብምጥሓስ ዝፍፀም ገበን

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ወይ ነቲ ገበን ዝፈፀመሉ ጊዜን ቦታን ብዘየገድስ ዓለም ለኸ መትከላት ሕጊ ፣ ደንብታት ወይ ስምምዕነታት ወይ ሕገ መንግስትን ካልኦት ሕግታት መንግስቲ ትግራይ ብምጥሓስ፦

1. ንደሕንነት ህዝቢ ዘስግእ ተግባር ንምፍፃም ናብ ሕገ መንግስታዊ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ዝኣተወ እንተኾይኑ ወይ፣

2. ኣብ ስልጣን ትግራይ ኣብ ዝኾነ ተግባር ኣትዩ ንመንግስታት ወፃኢ ዓዲ ወይ ትካል እናሰርሐ እንተተረኺቡ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 83. ኣብ ልዕሊ ነፃነት ትግራይ ዝፍፀም ገበን

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፅሉ ከባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ፣

1. ነፃነት ትግራይ ኣብ ሓዳጋ ንምውዳቕ ወይ ሉኣላውነታ ንክትስእን፣
2. ነፃነት ትግራይ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ መንግስቲ ወፃኢ ኢዱ ንኽእቱ ዝደፋፍአ ፣ ወይ
3. ብመንግስቲ ወፃኢ ተግባር ፅልኣት ኣብ ልዕሊ ትግራይ ክፍፀም ወይ ትግራይ ምስ መንግስቲ ወፃኢ ክትዋጋእ ወይ ተግባር ፅልኣት ንክፍፀማ፣ ብፀላእቲ ክትክበብ ወይ ንኽትትሓዝ ብምሕሳብ ዝኾነ ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ፣ ኣፈፃፀማ እቲ ገበን ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ብዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 84. ዝለዓለ ገበን ክድዓት

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ህልውናን ደሕንነትን ወይ ረብሓ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ብምክሓድ ወይ ንፀላኢ ኣሕሊፉ ክህብ ዓሊሙ ዝኾነ ምሽጢራዊ ሰነድ ፣ኩነታት መንግስትን ሰራዊትን ትግራይ ንፀላኢ ዘቐበለ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ስሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 85. ክድዓት

1. ዝኾነ ሰብ ረብሓን ጥቕምን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ንክይሕሎ ምሽጥር ወይ ሰነድ መንግስቲ ወይ ሰራዊት ትግራይ፣ ጉዳይ ምልኣኣኽ ወይ ምሽጥራዊ ውሳነ መንግስቲ ብዘይኣገባብ ንህዝቢ ዝገለፀ ወይ ንወፃኢ ዓዲ መንግስቲ ፣ውድብ ፖለቲካ ፣ ካልእ ትካል ወይ



ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
The Government Of the National State of Tigrai

ወኪል ዝገለፀ፣ አሕሊፉ ዝሃበ ወይ ዘመሓላለፈ ፣ወይ ብግልፂ ክዝረብ ዝገበረ ፣ ሓሰተኛ ገንዘብ ዝሓተመ ወይ ክሕተም ዝገበረ ፣ ወይ

2. ደሕንነት፣ ነፃነት ወይ መሰረታዊ ጥቕምታት ትግራይ ዝጥምቱ ሰነዳት፣ ፅሑፋት ወይ መረዳእታታት ዘበላሸወ ወይ ዘጥፈአ ወይ ዝሓብአ ወይ ክጠፍእ ዝገበረ ወይ ናብ ሓሶት ዝለወጠ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

3. እቲ ዝተፈፀመ ተግባር ህልውናን ደሕንነትን ትግራይ ወይ ነፃነት ብቐጥታ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 86. ክድዓት ኢኮኖሚ**

ዝኾነ ሰብ ከነ ኢሉ ረብሓ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣብ ሓደጋ ከውድቕ ሓሲቡ፦

1. ንትግራይ ወይ ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ ጥቕሚ ክበሃል ብምሽጥር ዝሕሎ ኢኮኖሚያዊ ፀባይ ዘለዎ ርክብ ምልእኣኽ ፣ውሳነ፣ ዝተፈፀመ ተግባር ወይ ሚሽጥራዊ ሰነድ ብዘይኣግባብ ንህዝቢ ወይ ዜጋ ወፃኢ ዓዲ ዝኾነ ሰብ ዝገለፀ፣ ኣሕሊፉ ዝሃበ፣ ወይ

2. ክሕልዎም ወይ ክዕቅቦም ብሓላፍነት ዝተውሃብዎ ኣቕሑት፣ መሳርሕታት ወይ ነዚኦም ዝኣመስሉ ካልኦት ነገራት ዝገለፀ ወይ ኣሕሊፉ ዝሃበ፣ ወይ ሓሰተኛ ገንዘብ ዘሐተመ፣ ወይ

3. ምስ ትግራይ ውግእ ዝገብር መንግስቲ ብዘውፅኦ ዋኒን ልቓሕ ገንዘብ ዝኸፈለ ወይ ነቲ ልቓሕ ዝውዕል ገንዘብ ወይ ንብረት ዘውፀአ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 87. ምስ ፀላኢ ምትሕብባር**

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ትግራይ አብ ኲናት አብ ዘላትሉ ወይ ሉኣላዊ ሕገ-መንግስታዊ ግዝኣታ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ብፀላኢ አብ ዝተወረረትሉ እዋን ዕላማ ፀላኢ ንኽሳኻዕ ብምሕሳብ ብምምኻር ኮነ ብተግባር ንፀላኢ ዝደገፈ እንተኾይኑ፣ ብፍላይ፦

1. ብሽም ፀላኢ ሲቪላዊ ወይ ምምሕዳራዊ ስራሕ፣ ናብ ቤት ፍርዲ፣ ፖሊስ፣ ቤት ህንፀት፣ ሓለዋ፣ ትራንስፖርት ወይ ብኻልእ ነዚኦም ዝኣመሰሉ ዘርፍታት ስራሕ ዝፈፀመ፣ ወይ
2. ካብ ቁፅፅር ፀላኢ ከምልጡ ዝደልዩ ተዋጋእቲ ወገን ወይ ቁስላት ወይ ፀላኢ ከይረኽቦም ዝተሓብኡ ሰባት ወይ ተፈናቐልቲ ንፀላኢ ዘቃለዐ ወይ አሕሊፉ ዝሃበ፣ ወይ
3. ጥቕሚ ፀላኢ ወይ ወራር ብዘሰጉም ስራሕ ፕሮፖጋንዳ ወይ ፕረስ ወይ ካልእ መራኸቢ ዝተሳተፈ፣ ወይ ዝፈልጦ ምሽጥር ፀላኢ ከይቃልዕ ዝሓበአ ወይ ንሕጋዊ አካላት መንግስቲ ትግራይ ዘየፍለጠ፣ ወይ
4. ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ አብ መዳይ ኢኮኖሚ ምስ ፀላኢ ሓቢሩ ዝሰርሐ እንተኾይኑ አብ ስራሕ ብዘለው ካልኦት ሕግታት ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ፣ ወይ አፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ አብ ዝኾነሉ ጊዜ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 88. ስለላ

1. ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ንፀላኢ መንግስቲ ወይ ውድብ ፖለቲካ ንዝኾነ ፀላኢ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ወይ ዝኾነ ትክል ጥቕሚ ክበሃል አብ ትግራይ፣ አብ ትካላት ትግራይ፣ ብሕጋዊ መንገዲ ዝንቀሳቐስ ውድብ ፖለቲካ ትግራይ ወይ አብ ተጋሩ ጉድኣት ብዘብፅሕ ኩነት፦

ሀ. አብ ስራሕ ፖለቲካ፣ ዲፕሎማሲ፣ ወታደራዊ ወይ ስራሕ አገልግሎት ስለላ ኢኮኖሚ ዝወደበ፣ አብዚ ስራሕ ዝተሳተፈ፣ ወይ ዝደገፈ ወይ ነዚ አገልግሎት ዕላማ ንካልእ ሰብ ዝመልመለ ወይ ዝቖፀረ እንተኾይኑ፣ ወይ

ለ. ነዚ ስለላ ዘገልግል ሓበሬታን መረዳእታን ዝኣከበ ወይ ዘመሓላለፈ ወይ ክርከብ ዝገበረ ወይ ብምሽጥር ዝሕለውን ብግልፂ ብህዝቢ ዘይፍለጥ ሓበሬታን መረዳእታን ብፀላኢ መንግስቲ ወይ ብውልቀ ንዝተጣየሹ ኣብያተ ዕዮ ወይ ንወከልቶም ክግለፅ ዝገበረ እንተኾይኑ እቲ ተግባር ስለላ ኣብ ልዕሊ ጥቅሚ መንግስትን ህዝብን ትግራይ ጉድኣት ብዘምፅእ ኩነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘለዉ ሕግታት ብዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣

2. እቲ ተግባር ስለላ ኣብ መንግስቲ ትግራይ፣ ሓይልታት ፀጥታን ሰራዊት ትግራይን ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

3. ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ብፍላይ ኣብ እዋን ኲናት ወይ ስግኣት ኲናት ኣብ ዘለሉ ግዜ፣ ስለላ ፖለቲካ፣ ዲፕሎማሲ ወይ ወታደራዊ ኣብ ልዕሊመንግስቲ ትግራይ ዝተገበረ እንተኾይኑ፣ እቲ ስለላ ንህልውናን ደሕንነትን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣብ ዘስግእ ኩነት ኣብ ዝርከበሉ እዋን ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 89. ምፅናት ህዝቢ ትግራይ

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ኣብ እዋን ሰላም ኮነ እዋን ውግእ ንህዝቢ ትግራይ ወይ ኣባላት ኣብ ትግራይ ዝንቀሳቐሱ ውድባት ፖለቲካ ወይ ትካላት ሃይማኖት ብሙለእ ወይ ብዝተወሰነ ከፅንት ብምሕሳብ ነቲ ተግባር ጥፍኣት ብምልዕዓል ወይ ብምውዳብ ወይ ትእዛዝ ብምሃብ ወይ ነቲ ተግባር ምፅናት ህዝቢ ትግራይ ብምፍፃም ወይ ብምምራሕ፦

1. ብዝኾነ ኩነት ኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ ዝቐተለ ወይ ኣካላዊ ወይ ሕልናዊ ጥዕና ዝጎድአ ወይ ኣካላዊ ጉድኣት ዘብፀሐ ወይ ዘጥፈአ እንተኾይኑ፣ ወይ

2. ማሕበረሰብ ትግራይ ብዘርኢ ንኽይፋረ ወይ ብሂወት ከይነብር ንምግባር ዘኽእል ተግባር ብዝኾነ ሜላ ዝፈፀመ ወይ ተግባር ኣገዲድካ ምድፋር ዝፀመ እንተኾይኑ፣ ወይ

3. ንኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ ወይ ህፃናት ትግራይ ብሓይሊ ወይ ብግዲ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዘዘዋወረ፣ ዘፈናቐለ ዝበተነ ወይ ክሞቱ ወይ ክጠፍኡ ኣብ ዝኽእሉ ኩነታት ናብራ ክነብሩ ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ኣፈፃፀማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

**<u>ዓንቀፅ 90. ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ትግራይ ዝፍፀም ገበን ውግእ</u>**

ዝኾነ ሰብ ዜግነቱ ወይ ዝመፀሉ ከባቢ ወይ እቲ ገበን ዝፈፀመሉ ቦታን ጊዜን ብዘየገድስ ኣብ እዋን ውግእ ወይ ጎንፂ ውግእ ወይ ፀላኢ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ወራር ኣብ ዘካየደሉ ግዜ ንዓለም ለኸ ሕግን ድንጋገታትን ዓለም ለኸ ሕግታት ሰብኣውነት ብምጥሓስ ኣብ ሰላማዊ ህዝቢ ትግራይ ጉድኣት ንምብፃሕ ብምውዳብ፣ ብምእዛዝ ወይ ብምምራሕ ወይ ነቲ ተግባር ብምፍፃም ወይ ብዝኾነ ካልእ መንገዲ፡-

1. ሰብ ዝቐተለ፣ ዘሳቐየ፣ ኢሰብኣዊ ብዝኾነ መንገዲ ዘጕለእልአ፣ ስነ ህይወታዊ ፈተናታት ዝገበረ ኣብ ልዕሊ ትግራዋይ ኣካል፣ ኣእምሮ ወይ ጥዕና ከቢድ ስቃይ ወይ ጉድኣት ከብፅሕ ዝኽእል ካልእ ተግባር ዝፈፀመ እንተኾይኑ፣ ወይ

2. ገንዘብ ዋጋ ከይህልዎ ብምግባር፣ ዋግኡ ክትሕት ብምግባር ብምኽሳር፣ ሓሰተኛ ገንዘብ ብምሕታም ወይ ብዝተወደበ ትልሚ ገንዘብ ብምውራድ ወይ ብዝኾነ ኩነት ሓሲቡ ንህዝቢ ትግራይ ንጥምየት ዘቃለዐ፣ ንፀገም ዘሳጠሐ ወይ መነባብሮ ህዝቢ ትግራይ ዘናገዐ እንተኾይኑ፣ ወይ

3. ንህዝቢ ትግራይ ብሓይሊ ካብ መንበሪኡን መሬቱን ክፈናቐል ወይ ክብተን ዝገበረ፣ ብዝተወደበ ካብ ዝነብረሉ ከባቢ ዘውፅአ ወይ ናብ ካልእ ቦታ ወይ ግቡእ ስራሕ ናብ ዝፍፅመሉ ቦታ ብምልኣኽ ክእሰሩ ዝገበረ፣ ወይ

4. ኣብ ፀላኢ ኣገልግሎት ስለላ፣ሓይልታት ውግእ ወይ ኣብ ምምሕዳራዊ ስራሕ ተመልሚሉ ከገልግል ዘገደደ፣ ዝሓበለ፣ ዝደፋፈአ፣ ወይ

5. ንዝሙት ሓዳርነት፣ ተግባር ብዕልግና ወይ ንተግባር ድፍረት ግብረ ስጋ ንኽፍፅም ዘገደደ፣ ወይ

6. ተግባር ምፍርራሕ ወይ ራዕዲ ዝፈፀመ፣ ብመትሓጃ ዝጨወየ ወይ ጅምላዊ ቅፅዓት ዘንበረ ወይ ተግባር ሕነ ምፍዳይ ዝፈፀመ እንተኾይኑ፣ ወይ

7. ብሓይሊ ትግራዋይነቱ ክስእን ወይ ሃይማኖቱ ክልውጥ ዝገበረ ፣ ወይ

8. ንብረት ዝወረሰ፣ ዘዕነወ ወይ ንባዕሉ ዝገበረ ወይ ዘይሕጋዊ ወይ ግቡእ ዘይኾነ ግብሪ ወይ ቀረፅ ዝወሰነ፣

9. ምግብን ምግቢንምፍራይ ዝውዕል ቦታ ሕርሻ፣ ዘራእትን እንስሳት ዘቤትን፣ ኣገልግሎት መስተ ማይን ስራሕቲ መስኖን፣ ትካላት ጥዕና፣ ኣብያተ ትምህርቲ ዝወረሰ፣ ዘፍረሰ፣ ዘጥፈአ ፣ ካብ ጥቅሚ ወፃኢ ክኾኑ ዝገበረ ወይ ንባዕሉ ክኾኑ ዝገበረ፣ ወይ

10. ታሪካዊ ሓወልትታት፣ ስራሕቲ ስነ- ጥበብ፣ ቦታታት ኣምልኾን እምነትን ዘዕነወ፣ ዝወሰደ፣ ካብ ጥቅሚ ወፃኢ ዝገበረ፣ ንባዕሉ ዝገበረ፣ ወይ ኣብ ልዕሊኦም ተግባር ሓይሊ ዝፈፀመ ወይ ነዚኦም ኣብ ወታደራዊ ዕላማ ዘውዓለ ፣ ወይ

11. ፀላኢ ኣብ ዝተቖፃፀሮ ቦታ ናይ ዝነበሩ ሰላማዊ ተጋሩ ኣልባሳት፣ መደቀሲ ፣ መፅለሊ ፣መድሓኒት፣ መገልገሊ ሕክምና ወይ ንናብራ ኣድለይቲ ዝኾኑ ኣቕሑት ዘየቕረበ፣ ክቐርበሎም ዘይገበረ እንተኾይኑ፣ ወይ

12. ቅድሚ ጎንፂ ኲናት ምፍጣሩ ኣብ ዝተሰደዱ ወይ ነበርቲ ዝኾኑሉ ቦታ ንተጋሩ ዘጥቀዐ ፣ ዘፈናቐለ፣ ክጠፍኡ ዝገበረ ወይ ብኣግባቡ ዘይሓዘ እንተኾይኑ ፣ ወይ

13. ኣብ ትግራይ ዝተጋፈሐን ንነዊሕ እዋን ዝፀንሐን ኣብ ተፈጥሮ ከባቢ ከቢድ ጉድኣት ክብፅሕ ብዝኽእል መሰርሒ ወይ ሜላ ብምጥቃም ጥዕና ክህወኽ ዝገበረ፣ ወይ

14. ብሕጊ ካብ ዝተጣየሸ ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ወይ ብሕጋዊ መንገዲ ስልጣን ዝተውሃቦ አካል ወፃኢ ቅፅዓት ዝወሰነን ዘፈፀመን ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ፣ ወይ አፈፃፀማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 91. ንፀላኢ ምሕባእ**

ዝኾነ ሰብ ብዝምልከቶም አካላት መንግስቲ ወይ ሓይሊ ምክልኻል ሰራዊት ትግራይ ወይ ህዝባዊ ዕጡቕ ትግራይ ንክይረኽቦ ኮነ ኢሉ አብ ተግባር ምሕባእ ፀላኢ ወይ ፀላኢ ዝጥቀመሉም ናውቲ ዝሓብአ እንተኾይኑ አብ ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ስሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚእቲ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 92. ሽፍትነት ወይ ውምብድና**

ዝኾነ ሰብ ግቡእ ዘይኾነ ረብሓ ንባዕሉ ክረክብ ወይ ንካልእ ሰብ ንኽርክብ ሓሲቡ ንብረት ካልእ ሰብ ዝኾነ ተንቀሳቓሲ አቕሓ ንምውሰድ ክጥዕም ወይ አብ ዝወሰደሉ ግዜ ይኹን ድሕሪ ምውሳዱ ንዝገጥሞ ተቓውሞ ውፅኢታውነቱ ንምትራፍ እንትብል አብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ተግባር ሓይሊ ምንግልታዕ ዝፈፀመ ወይ ብዝኾነ ካልእ መንገዲ ነዚ ሰብ ምክልኻል ከይኽእል ዝገበረ እንተኾይኑ አብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 93. ከቢድ ሽፍትነት ወይ ውምብድና**

ዝኾነ ሰብ አብዚ ደንቢ አብ ዓንቀፅ 90 ዝተደንገገ ተግባር ገበን ዝፈፀመ ብፍላይ ፦

1. አብ ልዕሊ ሰባት ወይ አብ ልዕሊ ንብረት ተግባር ሓይሊ ንምፍፃም ብዝተወደበ አባል ጉጅለ ሽፍታ ወይ ከታሪ ብምዃን እንተኾይኑ ፣ ወይ

2. ንተበዳሊ ከቕትለካ እየ ኢሉ ብርግፅ ሓደጋ ሞት ከምዘብፅሕሉ ብምሕናይ ብመሰርሒ ኵናት ወይ ብካልእ ሓዳገኛ መሰርሒ ብምፍርራሕ ወይ ስቓይ ብዘብፅሕ ኩነት ዘንገላተዐ ወይ ከቢድ ጉድኣት ኣካል ዘብፅሐ እንተኾይኑ፣ ወይ

3. ብፍላይ ሓደገኛነቱ ብዘርኢ ብዝኾነ ካልእ ኩነታት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህቦ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

4. እቲ ተግባር ፍፃመ ገበን ንምፍፃም ምስ ዝተወደበ ጉጅለ ብምኺን ወይ ብዝተፈለየ ጭካነ ብዘርኢ ኩነት ወይ ዘላቒ ጉድኣት ኣካል ወይ ሞት ዘስዓበ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

**<u>ዓንቀፅ 94. ዝርፍያ ወይ ክትራን</u>**

ዝኾነ ሰብ ዝርፍያ ወይ ክትራን ዝፈፀመ ብፍላይ ንሂወት ህዝቢ ፣ ንኢኮኖሚ ወይ ዕብየት ትግራይ ዝለዓለ ረብሓ ዝህብ ምግቢ፣ ስንቂ ፣ ዝዕደሉ ኣቕሑት መሰርሕታት ወይ ካልእ ንብረት ዝዘረፈ ኣብ ስራሕ ብዘለዉ ሕግታት ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህቦ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

**<u>ዓንቀፅ 95. ግፍዓዊ ቅትለት</u>**

ዝኾነ ሰብ ፦

1. ሰብ ንምቕታል ኣቐዲሙ ዝነበሮ ሓሳብ ወይ ምኽንያት ፣ ንምቕታል ዝተጠቐመሉ መሰርሒ ወይ ሜላ ፣ ኩነታት ኣቀታትልኡ ወይ እቲ ቅትለት ዝተፈፀመሉ ኩነት ቕፅዓት ብዘኽብድ ሓፈሻዊ ምኽንያት ወይ ካልእ ምኽንያት እንትርከብ ብፍላይ ቀታሊ ጨካን ፣ነውራም ወይ ሓደገኛ ምኺኑ ብዝገልፅ ኩነት፣ ወይ

2. ሰብ ንምቕታል ወይ ገበን ክትራን ወይ ሽፍትነት ንምፍፃም ምስዝተወደበ ኣባል ጉጅለ ሽፍታ ብምኺን እንተኾይኑ፣ ወይ

3. እቲ ቅትለት ካልእ ገበን ንምፍፃም ክትጥዕም ወይ ዝተፈፀመ ገበን ንክይቃላዕ ንምግባር ብምሕሳብ ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 96. ተራ ቅትለት

ዝኾነ ሰብ አቀታትልኡ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 95 ዝተመልከተ ከቢድ ወይ ኣብ ገበን ሕጊ ዓንቀፅ 541 ከምዝተመልከተ ቀሊል ብዘይከነ ኩነት ሓሲቡ ንካልእ ሰብ ዝቐተለ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ ።

## ዓንቀፅ 97. ኣገዲድካ ምድፋር

1. ዝኾነ ሰብ ተግባር ሓይሊ ብምጥቃም ወይ ብኸቢድ ምፍርራሕ ወይ ህልንኣ ክትስሕት ወይ ብዝኾነ ካልእ መንገዲ ክትክላኸል ንከይትኽእል ብምግባር ካብ ሓዳር ወፃኢ ኣገዲዱ ምስ ጓል ኣንስተይቲ ርክብ ግብረ ስጋ ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. እቲ ገበን ዝተፈፀመ ፦

ሀ. ዕድሚኣ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመት ከይኑ ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመት ኣብ ዘይመልአ ጓል ኣንስተይቲ እንትኸውን፣ ወይ

ለ. ኣብቲ ጥፍኣተኛ መሪሕነት፣ ቁፅፅር ፣ ወይ ስልጣን ብዝኾነ መጠወሪ ገዛ ፣ መዋለዲ ቦታ፣ ሕክምና፣ ትምህርቲ፣ ፀባይ መአረሚ፣ መእሰሪ ኣብ ውሽጢ ትካላት መፅንሒ ዝተትሓዙ ሰባት እትርከብ ወይ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ወይ ቁፅፅር ተኸሳሲ እትርከብ ወይ ናቱ ፅግዕተኛ ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ እንትኸውን፣ ወይ

ሐ. ብዕድመ ምድፋእ ፣ ብኣካል ወይ ኣእምሮ ሕማም ፣ብድኽመት መንፈስ ወይ ብዝኾነ ካልእ ምኽንያት ባህሪ እቲ ተግባር ወይ እቲ ተግባር ዘስዕቦ ውፅኢት ፈልያ ንምፍላጥ ወይ ንምክልኻል ኣብ ዘይትኽእል ጓል ኣንስተይቲ እንትኸውን ፣ ወይ



The Government Of the National State Of Tigrai

መ. ብጭካነ ወይ ብምስቓይ ወይ ቁፅሮም ካብ ሓደ ንላዕሊ ብዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ ብሕብረት እንትኸውን ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

3. እቲ ተግባር ኣብታ ጓል ኣንስተይቲ ከቢድ ጉድኣት ኣካል ወይ ከቢድ ሕማም ዘመሓላለፈ ወይ ጉድኣት ኣእምሮ ወይ ሞት ዘስዓበ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 98. ኣፅዋር ኣብ ኢድ ፀላኢ ክወድቕ ምግባር

ዝኾነ ሰብ ፦

1. ዝኾነ ዓይነት ኣፅዋር ኮናት ንፀላኢ ዘረከበ ወይ ኣሕሊፉ ዝሃበ ወይ ሓይሊ ወገን ከይጥቀመሉ ዘበላሸወ ወይ ዝሓበአ ወይ ብዝኾነ ምኽንያት ካብ ኣገልግሎት ወፃኢ ዝገበረ ወይ ፀላኢ ክጥቀመሉ ብምባል ዝገደፈ እነተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ስለሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓምሳ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣

2. እቲ ገበን ብሸለልትነት ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ክሳብ ሰላሳ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ን (2) ን ዝተደንገገ ሕሉው ኮይኑ ፈፃሚ ገበን ግምት ዋጋ እቲ ኣፅዋር ኮናት ክኸፍል ይግበር።

## ዓንቀፅ 99. ንግዲ ወይ ምዝውዋር ወታደራዊ ኣፅዋር

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ኣብ ንግዲ ወታደራዊ ኣፅዋር ዝተዋፈረ ወይ ዕላምኡ ብዘየገድስ ኣብ ዝውውር ወታደራዊ ኣፅዋር ዝተዋፈረ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ስሳ ሽሕ ብር ክሳብ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ፣ እቲ ዝሓዘ ኣፅዋር ወይ ብመሸጣ ኣፅዋር ዝተረኸበ ገንዘብ ይውረስ

## ዓንቀፅ 100. ምፍንጃር

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ኣብ ልዕሊ ሰብ ወይ ንብረት ሓደጋ ንምብፃሕ ነዳዲ ወይ ባሩድ ፣ ቦምቢ ወይ ደማሚት ወይ ዝኾነ ካልእ ነዚ ዝመስል ሓደገኛ ነገር ክፍንጀር ዝገበረ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ሓምሳ ሽሕ ብርን ተቐፂዑ በዚ ተግባር ናይ ዝዓነወ ነገር ግምት ዋጋ ይኸፍል።

2. እቲ ተግባር ምፍንጃር ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝለዓለ ሓደጋ ዘብፀሐ ወይ ኣብ ልዕሊ ሂወት ሰብ ሓደጋ ሞት ዘብፀሐ ወይ እቲ ሓደጋ ናብ ካልእ ከበቢ ዝተጋፈሐ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 101. ብሓደራ ዝተውሃበ ሃፍቲ ምብኻንን ኣብ ዝድለ ኣገልግሎት ከይውዕል ምጉታትን

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ከቕምጦ ወይ ክዕቅቦ ወይ ብዝኾነ ኩነታት ኣብ ኢዱ ዝኣተወ ሃፍቲ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ንበዕሉ ወይ ንሳልሳይ ወገን ኣብ ጥቕሚ ዘውዓለ ወይ ንኣገልግሎት ማሕበረ ኢኮኖሚ ወይ ስራሕቲ ፀጥታ ዝውዕል ንብረት ከብፅሕ ወይ ከዋፍር ዝተውሃቦ ሓላፍነት ብኣግባቡ ዘይፈፀመ ወይ ዘጓተተ ወይ እቲ ንብረት ብሙሉእ ወይ ብክፋል ዝሸጠ፣ ከበላሸ ወይ ክባኸን ዝገበረ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህቦ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ኣርብዓ ሽሕ ክሳብ ስሳ ሽሕ ብርን ተቐፂዑ ግምት ዋጋ እቲ ሃፍቲ ይኸፍል።

## ዓንቀፅ 102. ከቢድ ስርቂ

ዝኾነ ሰብ ፦

1. ኣብ ውሽጢ ሃይማኖታዊ ስርዓት ዝፍፀመሉ ቦታ ዝርከብ ናይ ሃይማኖት ኣቕሓ፣ ኣብ ውሽጢ ቤተ መዘክር ወይ ንህዝቢ ክፉት ኣብ ዝኾነ ህንፃ ወይ ዝተቐመጠ ሳይንሳዊ ወይ ኪነ-ጥበባዊ ወይ ታሪኻዊ ዋጋ ዘለዎ ኣቕሓ እንተኾይኑ፣ ወይ

2. ዝተፈለየ ሓላዊ ኣብ ዘይብሉ እንስሳ ወይ ኣዝርእቲ ንኣገልግሎት ቴሌኮሚኒኬሽን ፣ ሓይሊ ኤሌክትሪክ፣ ንማይን ፈሳስን ወይ ንዝኾነ ትካል ኣገልግሎት ዝውዕል ሓላዊ ኣብ ዘይብሉ

መሳርሒ ወይ ኣቕሓ ወይ ክቅመጥ ወይ ክለኣኽ ኣብ መኸዘንኣቕሓ ወይ ንሓደ ትካል ወይ ንመንግስተዊ ቤት ዕዮ ወይ ንቤት ፖስታ ወይ ንትካል መጓዓዝያ ዝተውሃበ ሸቐጥ ወይ ኣቕሓ እንተኾይኑ፣ ወይ

3. እቲ ስርቂ ኣብ ንብረት መንግስትን ሰራዊት ትግራይን ወይ ኣብ ትካላት መንግስቲ ትግራይ ወይ ትካል ንግዲ ወይ ሆቴል እንተኾይኑ፣ ወይ

4. ፈፃሚ ገበን ኣብ ሰብ ወይ ንብረት ገበን ንምፍፃም ብጉጅለ ብዝተወደበ ኣባል ኮይኑ ብፍላይ ሓደገኛ ምዃኑ ብዘርኢ ኩነት መጥቅዒ ወይ መከላኸሊ መሳርሒ ኵናት ብምሓዝ ወይ መንግስቲ ሰራሕተኛ ብምምሳል ወይ ብለይቲ ወይ ሓፁር ብምጥሓስ ወይ ሓፁር ብምዝላል፣ በሪ ወይ ማዕፆ ብምስባር፣ ወይ መንደቕ ብምፍኳር ወይ ብጉጅለ ብምዃን እንተኾይኑ ወይ ዘይተሓሰበ ሓደገኛ ኩነታት፣ ወይ ህዝባዊ ናዕቢ መቕዘፍቲ ከምኒ ዕግርግር፣ ባርዕ፣ ውሕጅ፣ ማዕበል ዝመሳሰሉ ሽፋን ብምግባር ዝተፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 103. ከቢድ ጉድኣት ኣካል

ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ :-

1. ሂወት ተጎዳኢ ብዘስግእ ወይ ኣብ ሰውነቱ ኮነ ኣእምርኡ ንሓዋሩ ጠንቂ ብዝትርፍ ኩነት ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ጉድኣት ዘብፅሐ እንተኾይኑ፣ ወይ

2. ኣካል ካልእ ሰብ ወይ ኣድለይቲ ካብ ዝኾኑ ብልዕቱ ወይ ህዋሳቱ ዘጉደለ ፣ ከየገልግሉ ዝገበረ ወይ በዘሰቅቕ ግልፂ ኮይኑ ብዝርአ ኩነት መልክዑ ዘበላሸወ እንተኾይኑ፣ ወይ

3. ብዝኾነ ካልእ መንገዲ ከቢድ ዝኾነ ጉድኣት ወይ ሕማም ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ዘብፅሐ እንተኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 104. ባርዕ ሓዊ ምብፃሕ

1. ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ ሰበት ወይ ንብረት ጅምላዊ ሓደጋ ከብፅሕ ሓሲቡ ኣብ ናይ ባዕሉ ወይ ካልእ ሰብ ህንፃ ወይ ዝኾነ ዓይነት ግዙፍ ስራሕ ወይ ኣዝርእቲ ወይ ፍርያት ሕርሻ ወይ ደኒ ወይ ኣእዋም ወይ ዝኾነ ካልእ ኣቅሓ ሓዊ ዝወለዐ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህበ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. እቲ ገበን ዝለዓለ ሓደጋ ዘስዓበ ወይ ኣብ ልዕሊ ሰብ ወይ ንብረት ዝበፅሐ ጉድኣት ዝተጋፈሐ እንተኾይኑ፣ ብፍላይ ዝተጎድኡ ናይ ህዝቢ ህንፃታት ወይ ንህዝቢ ኣገልግሎት ዝህቡ ህንፃታት ወይ ነበርቲ ዘለውዎም ንመንበሪ ዘገልግሉ ኣባይቲ ወይ መኽዘን ምግቢ ፣ ዝባሪዕ ነገር ወይ ፈንጂ ወይ ዱራት ወይ መዓድናት ወይ ጉድጓድ ነዳድን ዘይትን ብፍላይ ንሓደጋ ቀሉዕ ዝኾነ ካልእ ኣቕሓ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ቅፅዓት ዘውህብ እንተዘይኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 105. ምምራዝ ወይ ምብካል ምግቢ ወይ ማይ

1. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ንህዝቢ ኣገልግሎት ዝውዕል ማይ ወይ ምግቢ ህዝቢ ክይጥቀመሉ ዝበከለ ወይ ዝመረዘ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

2. እቲ ተግባር ምምራዝ ኣብ ሰብ ሞት ዘስዓበ እንተኾይኑ ብዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ፣

## ዓንቀፅ 106. ኣቕሑት ንግዲ ምኽዛን ወይ ምሕባእ ወይ ዘይግባእ ዋጋ ምውሳኽ

ዝኾነ ሰብ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎ ይኹን ዘይብሉ ኮነ ኢሉ ህዝቢ ኣብ ዝጥቀመሉዎም መሰረታዊ ሃልኪታት ዘይግባእ ረብሓ ንምርካብ ናህሪ ዋጋ ንኸፍጠር ንግዲ ኣብ ዘካይደሉ ቦታ ወይ ካብኡ ወፃኢ ኣብ ዝኾነ ቦታ ዝኸዘነ ወይ ዝሓብአ ወይ ምኽንያታዊ ዘይኮነ ዋጋ ዝወሰኸ እንተኾይኑ ብዝምልከቶ ኣካል ዝውሰድ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ከምዘሎ ኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ

ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ብር ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብርን ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 107. ምኽዛን ወይ ምሕባእ ወይ ምስራቕ መድሓኒት**

1. ዝኾነ ሰብ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ይሃልዎ ኣይሃልዎ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝጥቀመሎም ዓይነታት መድሓኒት ሕፅረት ንኽፍጠርን ዘይምኽንያተዊ ዋጋ ብምውሳኽ ዘይግቡእ ረብሓ ንምርካብ መድሓኒት ኣብ ዝኾነ ቦታ ዝሓበአ ወይ ዝኸዘነ ወይ ክሕባእ ዝገበረ ወይ ዘይምኽንያታዊ ዋጋ ዝወሰኸ ዝውሰድ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ከምዘሎኮይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካሊእ ሕጊ ዝበለፀ ቕፅዓት ዘውህብ እንተዘይኮይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራ ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ ክሳብ ክልተ ሚኢቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
2. ዝኾነ ሰብ ካብ መንግስታዊ ወይ ዘይመንግስታዊ ትካል ጥዕና ንውልቀ ረብሕኡ ወይ ንረብሓ ካልእ ሰብ ብምሕሳብ ዝኾነ ዓይነት መድሓኒት ብምስራቕ ኣብ ውልቀ ረብሕኡ ወይ ረብሓ ካልእ ሰብ ዘውዓለ ወይ ከውዕል ዝፈተነእንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ካልእ ሕጊ ብዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኮይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክበፅሕ ብዝኽእል ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ ክሳብ ክልተ ሚእቲ ሽሕ ብር መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

**ዓንቀፅ 108. ኣብ ልዕሊ መሰረተ ልምዓት ጉደኣት ምብፃሕ**

ዝኾነ ሰብ ከነ ኢሉ ህዝቢ ኣብ ዝግልገለሉም ትካላት ጥዕና ወይ ትካላት ትምህርቲ ፣ ፅርግያ ፣ ፖስታ፣ ትካላት ማይ፣ ቴሌኮሚኒኬሽን ወይ ካልኦት መሰረተ ልምዓት ብዝኾነ መንገዲ ዘዕነወ ወይ ዘበላሸወ ወይ ዝህብዎ ኣገልግሎት ክቋረፅ ዝገበረ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዒስራ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

**ዓንቀፅ 109. ገበን ራዕዲ**

- ዝኾነ ሰብ ወይ ጉጅለ ፖለቲካዊ ወይ ሃይማኖታዊ ወይ ስነ ሓሳባዊ ዕላማ ንምስጓም ብምሕሳብ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ትግራይ ፅዕንቶ ንምሕዳር፣ ንሕብረተሰብ ወይ ክፋል ሕብረተሰብ ንምፍርራሕ ወይ

መሰረታዊ ፖለቲካዊ ፣ ሕገ መንግስታዊ ወይ ኢኮኖሚያዊ ወይ ማሕበራዊ ትካላት ትግራይ ንምንጋዕ ወይ ንምፍራስ፦

1. ሰብ ዝቐተለ ወይ ኣብ ልዕሊ ኣካሉ ዝለዓለ ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ፣
2. ንሕብረተሰብ ወይ ክፋል ሕብረተሰብ ትግራይ ደሕንነት ወይ ጥዕና ንዝለዓለ ሓዳጋ ዘቃልዐ እንተኾይኑ፣
3. ተግባር መጭወይቲ ወይ ምስዋር ዝፈፀመ እንተኾይኑ፣
4. ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝለዓለ ጉድኣት ዘብፀሐ እንተኾይኑ፣
5. ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ፣ ከባቢ፣ ታሪኻዊ ወይ ባህላዊ ቅርሲ ዝለዓለ ጉድኣት እንተኣብፂሑ ፣
6. ንህዝባዊ ኣገልግሎት ንዝለዓለ ሓደጋ ዘቃለዐ፣ ዝሓዘ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅሩ ዝገበረ፣ ዘቋረፀ ወይ ዘበላሸወ፣ ወይ
7. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ክሳብ ንኡስ ዓንቀፅ (6) ካብ ዝተቐመጡ ተግባራት ዝኾነ ንምፍፃም ዝተሓነየ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ክሳብ ዕድመ ልክዕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ወይ ብሞት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 110. ኣብ ልዕሊ መርበብ ሓበሬታ ገበን ምፍፃም

1. ዝኾነ ሰብ ብዘይፍቓድ ናብ ኮምፒተር ወይ ስርዓት ኮምፒተር ወይ ሞባይል ወይ ኢመይል ኣድራሻ ወይ ፋክስ ካልእ ተመሳሳሊ ስርሒት ቴክኖሎጂ ወይ ናብ ዝኾነ ስርዓት መረዳእታ መንግስቲ ትግራይ ወይ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ትግራይ ወይ ባዓል ስልጣን ወይ በዓል ሞ ብምእታው ዳታ ወይ ፕሮግራም ወይ ኣገልግሎት ኮምፒተር፣ ዝወሰደ ወይ ዝተጠቐመ ወይ ካልእ ክጥቀም ዝገበረ፣ ዘበላሸወ፣ ዘጥፍአ፣ ወይ ብፍቓድ ኣትዩ ካብ ዝተውሃበ ፍቓድ ወፃኢ ነዚም ተግባራት ዝፈፀመ እንተኾይኑ፣
2. እቲ ገበን ዝተፈፀመ፦

ሀ. ንምስራቕ ወይ ንምጭብርባር ወይንምትላል ወይ ንምምንጣል ንኽክኣል ወይ ዝኾነ ትልሚ ንምውፃእ ወይ ንምትግባር ወይ ገንዘብ፣ ንብረት፣ ኣገልፍሎት ከምፒተር ወይ መርበብ ሓበሬታ ወይ ዝኾነ ዳታ ብዘይኣግባብ ንምቁፅፃር ወይ ንምርካብ ወይ ኣገልግሎቱ ክቋረፅ ንምግባር እንተኾይኑ፣

ለ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (2) ፊደል (ሀ) ዝተገለፀ ትልሚ እንተዘይሃለወ እውን ኣፈፃፅማ እቲ ገበን ከቢድ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ክሳብ ዒስራን ሓሙሽተን ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 111. ግቡእ ምፍፃም ወይ ግቡእ ምትሕብባር ብምጥሓስ ዝፍፀም ገበን

1. ዝኾነ ሰብ ህልውናን ደሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባርን ፀላኢ ንምምካትን ብመንግስትን ህዝብን ትግራይ ዝተነፀረ ዕላማ ንምስኻዕ ወይ ብወራሪ ሓይሊ ንዝበፅሕ ሓደጋ ንምክልኻል ወይ ንምንካይ ዘኽእል ስራሕ ክሰርሕ ወይ ክኣዓዕዝ ዝግበኦ ክኅዓዕዝ ወይ ክዕቅብ ዝግበኦ ክዕቅብ ፣ ክሕሎ ዝግበኦ ደሕንነት ዝምልከት ምሽጥር ክይበኽን ፣ ኩነታት ፀላኢ ዝምልከት ሓበሬታን መረዳእታን ንወገን ክህብ ብሕጊ ወይ ብምምሕዳራዊ ውሳነ ግቡእ ምፍፃም ወይ ግቡእ ምትሕብባር ዝጠሓሰ እንተኾይኑ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ዝበለፀ ዘቕፅዕ እንተዘይኾይኑ ካብ ዓሰርተ ዓመት ክሳብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ፣

2. ዝኾነ ሕጋዊ ሰውነት ዘለዎ ትካል ደሕንነት ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባር ብፅሒቱ ክወፊ ብሕጊ ወይ ብምምሕዳራዊ ውሳነ ግቡእ ምፍፃም ወይ ግቡእ ምትሕብባር ዝተነበረሉ ኮይኑ ነዚ ዘይፈፀመ ወይ ዘይተሓባበረ እንተኾይኑ ነቲ ትካል ዝመርሕ ሰብ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተደንገገ ቅፅዓት ይቕፃዕ፣

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (2) ዝተቐመጠ ገበን ዝፈፀመ ትካል ሰለስተ ሚኢቲ ሽሕ ብር ይቕፃዕ፣

4. ድንጋጸ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (3) ሕሉው ኾይኑ ኣፈፃፀማ እቲ ገበንን ዘስዓቦ ውፅኢትን ከቢድ እንተኾይኑ ንግዲ ፍቓዱ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ክእገድ ወይ መሊኡ ክስረዝ ክውሰነሉ ይኽእል፣

5. ግቡእ ምፍፃም ወይ ግቡእ ምትሕብባር ብምጥሓስ ዝተፈፀመ ገበን ብተሸከርካሪ እንተኾይኑ ኣብቲ ገበን ዝተፈፀመሉ መራሒ መኪና ዝነበረ ወይ በዓል ዋና ወይ ኣብቲ ገበን ዝተሰተፈ ሰብ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተቐመጡ ቕፅዓት ተቐፂሩ መዘወሪ ፍቓዱ ወይ ንግዲ ፍቓዱ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ክእገድ ወይ መሊኡ ክስረዝ ክውሰነሉ ይኽእል።

## ክፍሊ ሹዱሽተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋጋት

### ዓንቀፅ 112. መሰል ውሕስና

1. ብመሰረት እቲ ኣዋጅን እዚ ደንብን ብስሩዕ ቤት ፍርዲ ካብ ዝርአዩ ዋኒናት ውሽጢ ኣብ ዓንቀፅ 79፣ 80፣ 81፣ 82፣ 83፣ 84፣ 85፣ 86፣ 87፣ 88፣ 89፣ 90፣ 91፣ 92፣ 93፣ 94፣ 95፣ 96፣ 99፣ 104፣ 105፣ 106፣ 107፣ 108፣ 109፣ 110 ዝተገለፁ ገበናት ብምፍፃም ዝተጠርጠረ ወይ ዝተኸሰሰ ሰብ ውሕስና ኣይፍቀደሉን፣ ብዝኾነ ምኽንያት ውሕስና እንተተፈቒዱሉ ብመርማሪ ወይ ዓቃቤ ሕጊ ይግባኣኒ እንተተሓቲቱ እቲ ውሳነ ተግባራዊ ከይኮነ ይፀንሕ።

2. ቤት ፍርዲ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ካብ ዝተገለፁ ገበናት ወፃኢ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዝተደንገጉ ገበናት ሕቶ ውሕስና እንትቕርበሉ ብመሰረት ስነ-ስርዓት መቕፅዒ ሕጊ ገበን ዓንቀፅ 63ን 67ን ውሕስና ክህብ ወይ ክኸልክል ይኽእል።

### ዓንቀፅ 113. ይግባኣኒ

1. ብመሰረት እዚ ደንቢ ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝተውሃበ ውሳነ ቅርታ ዘለዎ ወገን እቲ ውሳነ ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ናብ ፍሉይ መጋባእያ ወረዳ ቤት ፍርዲ ይግባኣኒ ከቕርብ ይኽእል፣

2. ይግበኣኒ ዝቐረበሉ ፍሉይ መጋበእያ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንውሳነ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ እንተፅዲቕዎ መወዳእታ ይኸውን።

3. ፍሉይ መጋበእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ፍሉይ መጋበእያ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንውሳነ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ እንተለዊጥዎ ወይ ብኽፋል እንተመሓይሽዎ በዚ ውሳነ ቅርታ ዘለዎ ወገን ውሳነ ቤት ፍርዲ ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ንዝቐርበሉ ይግበኣኒ ሪኡ ክውስን ስልጣን ኣለዎ፣ ፍሉይ መጋበእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ንውሳነ ፍሉይ መጋበእያ ወረዳ ቤት ፍርዲ እንፀዲቑዎ መወዳእታ ይኸውን፣

4. ድንጋጋ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 እንተሃለወ 'ውን ፍሉይ መጋበእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣብ ምትሕልላፍ ደንቢ ወይ ግምቱ ሓምሳ ሽሕን ትሕቲኡን ኣብ ዝኾነ ዋኒን ፍትሃብሄር ኣብ ዝሃቦ ውሳነ ናብ ፍሉይ መጋበእያ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብይግበኣኒ ክቐርብ ኣይኽእልን፣

5. ፍሉይ መጋበእያ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ክፍፍል ስልጣን ፍሉይ መጋበእያ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝወሰኖ ቀጥታ ክስን ፍሉይ መጋበእያ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝሃቦ ውሳነ ብሙሉእ ወይ ብክፋል እንተቐይርዎ ወይ ብክፋል እንተመሓይሽዎ በዚ ውሳነ ቅርታ ዘለዎ ወገን ውሳነ ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ንዝቐረበሉ ይግበኣኒ ሪኡ ክውስን ስልጣን ኣለዎ፣

6. ኣብ ኩሎም ፍሉይ መጋበእያ ኣብያተ ፍርዲ መንግስቲ ዝተፈፀመ መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ኣሎ ኢሉ ዝኣምን ወገን እቲ ውሳነ ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ንክእረመሉ ናብ ሰበር መጋበእያ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ክቐርብ ይኽእል፣

7. ድንጋጋ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 6 እንተሃለወ 'ውን ግምቱ ሓምሳ ሽሕን ትሕቲኡን ኣብ ዝኾነ ዋኒን ፍትሃብሄርን ምትሕልላፍ ደንቢን ኣብ ዝተወሰነ ውሳነ መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ተፈፂሙ እዩ ኢልካ ናብ ፍሉይ ሰበር መጋበእያ ምቕራብ ኣይከኣልን፣

8. ፍሉይ ሰበር መጋበእያ መንግስቲ ትግራይ ብሙሉእ ድምፂ ወይ ብኣብዘሓ ድምፂ ዝሃቦ ውሳነ መወዳእታን ገዛእን ኮይኑ ኣብ ኩሉ ምፍሉይ መጋበእያ ኣብያተ ፍርዲ ሕጊ ኮይኑ የገልግል።

9. ዋኒናት ፍትሃብሄር ዝምልከት እንተኾይኑ ኣግባብነት ብዘለዎ ሕጊ ፍትሃብሄር ዝፍፀም ይኸውን።

## ዓንቀፅ 114. ኣወሳስና ቅፅዓትን ዝርዝር ስነ-ስርዓትን

1. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ፍሉይ መጋባእያ ኣብያተ ፍርዲ ተፈፃምነት ዘለዎ መምርሒ ኣወሳስና ቅፅዓትን ዝርዝር ስነ ስርዓትን የውፅእ፣

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ብዝወፅእ መምርሒ ኣወሳስና ቕፅዓት ኣብዚ ደንቢ ካብ ዝተቐመጠ ዝተሓተ መበገሲ ቕፅዓት ንታሕቲ ዘውርድ ቕፅዓት ዘውህብ ክኸውን የብሉን።

## ዓንቀፅ 115. ዘበን ይርጋዕ

1. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝርኣዩ ዋኒናት ገበን ይኹን ምትሕልላፍ ደንቢ ዘበን ይርጋዕ ፣ ኣቆፃፅርኡ ፣ ይርጋዕ ዝቋረፀሉ ዝርዝር መምርሒ የውፅእ፣

2. ኣብ ሕገ መንግስቲ ትግራይ ዝተቐመጡ ብይርጋዕ ዘይእገዱ ገበናት ሕሉው ኮይኑ ብመሰረት እዚ ደንቢ ኣብ ስልጣን ፍሉይ መጋባእያ ኣብያተ ፍርዲ ዝወድቑ ዋኒናት ዘመን ይርጋዕ ኣብ ስራሕ ብዘለው ሕግታት ዝፍፀም ይኸውን።

## ዓንቀፅ 116. ዝተወድኡ ዋኒናት ዳግም ምርኣይ ዘይክኣል ብዛዕባ ምኳኑ

1. ብመሰረት ስሪት ስልጣን ምውሳን ብዝነበሮ ዝምልከቶ ኣካል ብመሰረት መመሓየሺ ቁፅሪ ኣዋጅ 359/2014 ዓንቀፅ 16 ንኡስ ዓንቀፅ (2) ኣብ ዝተወሰኑ ዋኒናትን ዝተወሰዱ ስጉምታትን ዳግም ክርኣዩ ፣ ክሲ ክቐርበሎምን ይግባኣኒ ክሕተተሎምን ኣይኽእልን፣

2. ብመሰረት ስሪት ተወሲኖም ብመሰረት ቁፅሪ ደንቢ 115/2014 ብፍሉይ መጋባእያ ይግባኣኒ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ዝተሰዓሩ ወይ ዝተለወጡ ዋኒናት ካብ መፈለምትኡ ክምዘይተወሰኑ ተቖፂሮ እቲ ብስሪት ዝተወሃበ ውሳነ ተፈፃምነት ይህልዎ፣

3. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ከምዘለዎ ኮይኑ ኣብ ከይዲ ይግበኣኒ ዝርከቡ ዋኒናት ደው ክብሉ ብምግባር ብመሰረት ስሪት ዝተወሰኑ ውሳነታት ተፈፃምነት ይሀልዎም፣

## ዓንቀፅ 117. ምክያድ ቀዳሚ ምርመራ

1. ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝርከብ ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ዓንቀፅ 79፣ 80፣ 81፣ 82፣ 83፣ 84፣ 85፣ 86፣ 87፣ 88፣ 89፣ 90፣ 91፣ 92፣ 93፣ 94፣ 95፣ 96፣ 97፣ 98፣ 99፣ 109፣ 110፣ እዚ ደንቢ ኣብ ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ኣብ ዝኾነ ብርኪ ኣብ ዝርከብ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ መሰኻኽሩ ብቀዳሚ ምርመራ ክስምዑ ክገብር ኣለዎ፣

2. ኣብ ቀዳሚ ምርመራ ዝተወሃበ ቃል ምስክርነት ኣብ ከይዲ መጋባእያ ከም መረዳእታ ኮይኑ የገልግል፣

3. ኣብ እዋን ቀዳሚ ምርመራ ጠበቓ ተኸሳሲ ዘይምንባሩ ወይ ነቶም መሰኻኽር መስቐለኛ ሕቶ ዘይምቕራቡ መሰኻኽር ንዝሃብዎ ቃል ምስክርነት ውፅኢት ኣየስእኖን፣

## ዓንቀፅ 118. ስነ-ስርዓት ምስማዕ መረዳእታ

1. ድሕንነትን ሓለዋን መሰኻኽር ንምርግጋፅ ክበሃል ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 79፣ 80፣ 81፣ 82፣ 83፣ 84፣ 88፣ 89፣ 90፣ 93፣ 95፣97፣ 109፣ 110 ኣብ ዝተደንገጉ ዋኒናት ኣብ እዋን ቀዳሚ ምርመራ ኮነ ኣብ ከይዲ መጋባእያ ዝወሃብ ምስክርነት ብሕቡእ ወይ ኣብ ድሕሪ መጋረጃ ክኸውን ኣለዎ፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተደንገጉ ድንጋገታት ወፃኢ ኣብ ዘለዉ ገበናት ዝካየድ ምስማዕ ምስክርነት ኣብ ግልፂ መጋባእያ ይኸውን፣

3. ንመርማሪ ወይ ኣብ ቀዳሚ ምርመራ ዝተወሃበ ቃል እምነት ተጠርጣሪ ወይ ቃል ምስክርነት መሰኻኽር ወይ ኣብ ከይዲ ምፅራይ ዝነበሩ ደረጃ መሰኻኽር ብዝሃብዎ ቃል ምስክርነት ኣብ ዝኾነ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ከም ብቑዕ መረዳእታ ኮይኑ የገልግል፣

**<u>ዓንቀፅ 119. ኣፈፃፅማ ዉሳነ</u>**

ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ይኹን ብፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ መቕፃዕቲ ገንዘብ ዝተወሰኖ ዝኾነ ሰብ ኣብ ትካላት ፋይናንስ ገንዘብ ዘይምህላዉ ኣብ ግምት ብምእታው ንቅድሚት ዝተወሰነሉ ቅፅዓት ንክኸፍል ብቑዕ ዉሕስና ከትሕዝ ወይ ክገብር ብምግባር እቲ ዉሳነ ዝሃበ ማሕበራዊ ቤት ፍርድ ቤት ወይ ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ክፍታሕ ክእዝዝ ይኽእል።

**<u>ዓንቀፅ 120. ምምዳብ ፍሉይ መጋበእያ</u>**

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ዝዳንዩ ካብ ወረዳ ክሳብ ብብርኪ መንግስቲ ትግራይ ውሳነ ዝሀብ ፍሉይ መጋበእያ ክምድብን ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብመምርሒ ክውስንን ሓላፍነት ኣለዎ።

**<u>ዓንቀፅ 121. መሰጋገሪ ድንጋገ</u>**

1. ኣብ ከይዲ ዝፀንሐ ቀጥታ ክሲ ገበን ይኹን ፍትሃብሄር ብመሰረት እዚ ደንቢ ስልጣን ምድናይ ናብ ዝተውሃቦ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ይመሓላለፍ።
2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1)እንተሃለወ እዉን ቅድሚ ዉግእ ምጅማሩ ነቲ ዋኒን ሒዙ ኣብ ዝነበረ ቤት ፍርዲ ምስክር ተሰሚዑ ንዉሳነ ዝተቆፀረ ወይ መከላኸሊ ምስክር ምስማዕ ዝተረፎ ገበን ይኹን ፍታቢሄር መዝገብ በቲ ሒዝዎ ዝነበረ ቤት ፍርዲ መዕለቢ ዝረክብ ይኸዉን።

**<u>ዓንቀፅ 122. ይቕርታን ምሕረትን</u>**

1. ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ መንግስቲ ትግራይ ኣድላዪ ኾይኑ እንትረኽቦ ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ይኹን ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ ዝተውሃበ ውሳነ ቅፅዓት ገንዘብ ይኹን ቅፅዓት ማእሰርቲ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ብይቕርታ ክሕለፍ ክገብር ይኽእል፣ ዝርዝሩ ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን፣

2. ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ መንግስቲ ትግራይ ኣድላይ ኾይኑ እንትረኽቦ ዘይተጀመረ ክሲ ንኸይጅመር፣ ዝተጀመረ ክሲ ንኽቋረፅ፣ ዝተወሰነ ውሳነ ቅፅዓት ከይፍፀም ምሕረት ንክግበር መበገሲ ውሳነ ሓሳብ ብቢሮ ፀጥታን ምምሕዳርን ቢሮ ፍትሕን ክቐርበሉ ክገብር ይኽእል።

## ዓንቀፅ 123. ዝተኸልከሉ ተግባራት

1. ካብ ኣካላት ፍትሒ ወፃኢ ዝኾነ ሰብ ብዝኾነ ገበን ክኣስር ወይ ክፈትሕ ወይ ኣብ ልዕሊ ኣካላት ፍትሒ ዘየድሊ ፅዕንቶ ክፈጥር ክልኩል እዩ፣

2. ኣብዚ ደንቢ ካብ ዝተደንገጉ ድንጋገታት ወፃኢ ግልፂ ድንጋገ እዚ ደንቢ ብምጥሓስ ዝኾነ ውሳነ ወይ ተግባር ምፍፃም ዝተኸልከለ እዩ።

## ዓንቀፅ 124. ምድፋር መጋባእያ

ዝኾነ ሰብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ምርመራ ወይ ስራሕ ፍርዲ ኣብ ዘካይደሉ ወይ ኣብ ዝፍፅመሉ ግዜ፡-

1. ነቲ ዳይና ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ፍሉይ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ስራሕ ዳይነት ኣብ ምፍፃም ንዘሎ ዳይና ብዝኾነ መንገዲ ዝፀረፈ፣ ዝሃወኸ ፣ ዘባጨወ ወይ ዝተሳለቐ እንተኾይኑ ፣ወይ

2. ስራሕ እቲ ቤት ፍርዲ ብዝኾነ ካልእ መንገዲ ዝሃወኸ እንተኾይኑ እቲ ቤት ፍርዲ ቆፀሮ ከይሃበገ ሽዑ ንሽዑ ኣብ ልዕሊ እቲ ጥፉኣተኛ ካብ ሓደ ዓመት ብዘይበልፅ ቀሊል ማእሰርቲ ወይ ካብ ሰለስተ ሽሕ ብር ብዘይበልፅ መቕፃዕቲ ገንዘብ ክቕፃዕ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 125. ተሓታትነት

ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 123 ዝተደንገገ ክልከላ ዝጠሓሰ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዓንቀፅ 111 ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተቐመጠ ቅፅዓት ይቕፃዕ።

## ዓንቀፅ 126. ኣብዚ ደንቢ ካብ ዝተደንገጉ ወፃኢ ዘለዉ ዋኒናት ገበናት ፍትሃብሄርን ዝርኣይሉ ኩነታት

1. ኣብዚ ደንቢ ካብ ዝተገለፁ ገበናት ወፃኢ ዘለዉ ገበናት ዝርኣይሉ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ሕጊ ገበንን ካልኦት ሕግታትን ኣብ ስሩዕ ኣብያተ ፍርዲ ይኸውን ።

2. ኣብዚ ደንቢ ንማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ዝተውሃቡ ወፃኢ ዘለዉ ዋኒናት ፍትሃብሄር ብስሩዕ ቤት ፍርዲ ዝርአዩ ይኾኑ፣ ዝርዝር ኣፈፃፀምኡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

**ዓንቀፅ 127. ኣፈፃፀማ ቅፅዓት ሞት**

1. ብፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ሞት ቅፅዓት ዝተወሰነሉ ሰብ እቲ መቕፃዕቲ ሞት ዝፍፀም ናብ ፕረዚደንት መንግስቲ ትግራይ ቐሪቡ እንትፀድቕ ይኸውን፣
2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ሕልው ኮይኑ ፕረዚደንት መንግስቲ ትግራይ ነቲ ዝተወሰነ ቕፅዓት ሞት ናብ ዕድመ ልክዕ ፅኑዕ እስራት ክቕይሮ ይኽእል፣

**ዓንቀፅ 128. ግቡእ ምትሕብባር**

ንኣፈፃፀማ እዚ ደንብን ነዚ ደንቢ ስዒቦም ዝወፁ መምርሕታትን ዝኾነ ሰብ ክትሓባበር ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 129. ስልጣን ምምሕያሽ እዚ ደንቢ**

ት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ኣድላዪ ኮይኑ እንትረኽቦ ነዚ ደንቢ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ከመሓይሽ ወይ ክስዕሮ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 130 ስልጣን ምውፃእ መምርሒ**

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ኣብዚ ደንቢ ዝተወሃበ ስልጣን ደያኑ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝምርሕሉ ስነ-ስርዓትን ከይዲ ዳይነትን፣ ክፍፍል ስልጣን ፍሉይ መጋበእያ ቤት ፍርዲ መንግስቲ ትግራይ፣ ኣግባብ ምልዋጥ ናብ ጉልበት ስራሕ ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝተወሰነ ቅፅዓት ገንዘብ ዓቕሚ ምኽፋል ዘይብሎም ፍርደኛታት፣ ኣወሳስና ቅፅዓትን ዝርዝር ስነ-ስርዓትን ፣ ኣብ ስልጣን ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝወድቁ ዋኒናት ገበንን ምትሕልላፍ ደንብን ዘበን ይርጋዕ፣ ኣቆፃፅርኡን ዝቋረፀሉ ኩነታትን፣ ኣመዳድባ ፍሉይ መጋበእያ፣ ኣብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝኽፈል መጠን ገንዘብ ክፍሊት ዳይነት ብዝምልከት መምርሒ የውፅእ፣

**<u>ዓንቀፅ 131. ተፈፃምነት ዘይብሉ ሕጊ</u>**

1. ቁፅሪ ደንቢ 115/2014 ዓ/ም በዚ ደንቢ ተሳዒሩ ኣሎ ፣
2. ስሪት መንግስቲ ትግራይ በዚ ደንቢ ተሳዒሩ ኣሎ፣
3. ነዚ ደንቢ ዝፃረር ዝኾነ ደንቢ ፣ መምርሒ ወይ ዝኾነ ውሳነ ኣካላት መንግስቲ ወይ ተግባር ልምዲ ኣብዚ ደንቢ ኣብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ተፈፃምነት ኣይሀልዎምን።

**<u>ዓንቀፅ 132. እዚ ደንቢ ዝፀደቐሉ ጊዜ</u>**

1. እዚ ደንቢ ካብ ዕለት 7/6/2014 ዓ/ም ጀሚሩ ፀዲቑ ኣሎ።
2. ድንጋገ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እንተሃለወ እውን ኣብዚ ደንቢ ዝተደንገጉ ዋኒናት ገበን ዝተፈፀሙሉ በታን ግዘን ብዘየገድስ በዚ ደንቢ ንድሕሪት ተመሊስካ ኣብ ዝኾነ ፈፃሚ ገበን ምፅራይ ምክያድን ክሲ ምቕራብን ይከኣል፣
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (2) ዝተደንገገ ሕሉው ኾይኑ ኣብዚ ደንቢ ዝተደንገጉ ካብ ዓለም ለኸ ገበናት ገበን ምፅናት ዘርኢ፣ ገበን ኲናት ፣ ገበን ኣንፃር ሰብኣውነትን ገበን ወራርን ወፃኢ ብመሰረት ኣብ ስራሕ ዘሎ ሕጊ ብይርጋዕ ክዕፀው ይኽእሉ።

**ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል (ዶ/ር)**

**ፕረዚደንት መንግስቲ ትግራይ**

**መቐለ**